# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.213 | ረቡዕ 7 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣባላት ናዚ ክሃድሙ ዝሓገዘ ኣጋጣሚታት


ገጽ 4
ጥዑይን ውሑስን ስራሕተኛ፡ መሰረት ገስጋሲ ምዕባለ



ገጽ 5
"ኣብ ማሕለ ሰዉኣትና ጸኒዕና፡ ሓደ ምዃን እዩ . . .


ገጽ 11
ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ናይ ጸምዲ . . .


## ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስመራ፡ 348 ተመሃሮ ኣመረቓ



ሰእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

ኣብ ዓዲ-ሃሎ ተደኲና እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስመራ፡ 318 ኣዋርሕ ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ዝሰልጠኑዮም 84 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 348 ተመሃሮ፡ ትማሊ 6 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ።

ዳይረክተርታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ በረኸት ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2023 ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መምህራን ንጥፈታታ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስመራ፡ ድሕሪ ናብ ዓዲ-ሃሎ ብምግዓዝ ኣገልግሎታ ከምዝቐጸለት ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ጥዕና ግብራዊ ትምህርቲ ከምዝቐሰሙ ኣብሪሁ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ሰስተር ኣልጋሽ ተኽለገርግሽ ብወገና፡ ኣቐዲማ ኣብ ዓመት ካብ 30 ክሳብ 40 ተሓጋገዝቲ ነርስ ተመርቕ ዝነበረት ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ'ኳ እንተነበረት፡ ኣብ 2003 ብዝተገብረ ሓድሽ ኣወዳድባ፡ ኣብ መንደፈራ፡ ጊንዳዕን ባረንቱን ሰለስተ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምኽፋተን፡ እቲ ቀጸሪ ናብ ኣርባዕተ ክብ ከምዝበለን ዓመታዊ ዓሰርተታት ዕጽፍታት ተመሃሮ ይምረቑ ከምዘለዉን ኣረዲኣ።

ዕለተ ምረቓኦም ካብ ተመሃሮ ናብ ሞያውያን ዝሰጋገሩላ፣ ንዝቐሰምዎ ፍልጠትን ተመክሮን ድማ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ማሕላ ዝፍጽሙላ ዕለት ምዃና ዝሓበረት ወከል ተመረቕቲ፡ "ብሕጻ ንዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ጸማእም ክንክፍል ኢና" ክትብል ገሊጻ።

ግዜያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ፖሊስን ውጥንን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ሚኒስትሪ ጥዕና ዶ/ር ብርሃ ደብሩ ድማ፡ ሎሚ ዓመት ካብ ኣርባዕተኦን ኣብያተ-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስታት 700 ተመሃሮ ከምእተመረቑ ብምጥቃስ፡ ዓውዲ ሕክምና ልዑል ክእለት፡ ተወፋይነት፡ ድስፕሊንን ጽኑዕ ማሕላን ዝሓትት ስለዝኾነ፡ ተመረቕቲ ሞያኦም ከዕብዩን ንኣገልግሎት ህዝቦም ወፋያት ክኾኑን ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተመረቕቲ ብሓፈሻ ወረቐት ምስክር፣ ንሰለስተ ብሉጻት ድማ መዳልያን ሽልማትን ተዓዲሉ።

## ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን፡ ፈስቲቫል ተመሃሮ ኣካየዱ

ኣብ ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ "ሞያና ንሕብረተሰብና" ብዝብል ቴማ ንሸድሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ መደባት መበል 12 ዓመታዊ ፈስቲቫል ተመሃሮ፡ ብ3 ግንቦት ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹንን ኣቦ-መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ዓውደ-ምርኢት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ከምኡ'ውን ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘጠቓልል መደባት ቀሪቡ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮሌጅ መንእሰይ ክብል ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ፡ ባህላዊ፡ ስፖርታውን ፍልጠት-ጠቀስን ትሕዝቶ፡ ተመሃሮ - ኪኖ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝንባለኦምን ክእለቶምን ክፍትሹን ተመክሮ ክድልቡን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኮሌጃት ሓባራዊ ርድኢት ንኽፍጠር ሓጋዚ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዲን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን - ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ ዓመታዊ ፈስቲቫል ተመሃሮ፡ መንእሰያትና ብስፖርትን ባህልን ኣብሎም ሕውነቶምን ሓድነቶምን ዘደልድሉሉ ባይታ ዝፈጥር ኣዘዩ ኣገዳሲ ኣካል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ድማ፡ ዝቐረበ ትሕዝቶ ንበቐዓት መንእሰያት ብሓፈሹ፡ ንኣካዳሚያዊ ዓቕሞምን ንቕሓቶምን ድማ ብፍላይ ዘንጸባርቕ ኩይኑ ከምዝረኸቦ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕዉታት ሽልማት ተዓዲሉ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዚያ ሃሽም፡ ንልዕሊ 1,500 ተመሃሮን መምህራንን ናይ'ቲ ኮሌጅ ኣብ ዝበረቶ ሰሚናር፡ ኣብ ስርዓተ ፍትሒ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ሕግታት እንዳባን ዝበሩ ኣገባብት ኣፈታትሓ ጉዳያትን ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ሕግታትና ንዖና ክማስሉ ስለዘለዎም፡ መንእሰያት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ንቕሓቶም ኣበርኺም ተርኦም ከዕዝዙ ተላብያ።

ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ 9 ናይ ዲግሪን 4 ናይ ዲፕሎማን ፕሮግራማት ኣለዎ።



ሰኣሊ ሚሊዮን ኣፎርቂ

## ዓዲ-ቐይሕ - ኣብነታዊ ሓረስታይ ይምጎስ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ - ኮሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ኻንታ ዝኾነ ኣብነታዊ ሓረስታይ መሓመድ-ዓሊ ሳልሕ ዘሰላሰሎ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ተመጉሱ።

ብ29 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ኣፍልጦ ናይ ምሃብ መደብ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ መሓመድ-ዓሊ ሳልሕ፡ ብዘተባብዖኡ ልዕሊ 6 ኪሎ-ሜተር ንውሓትን ካብ 2 ክሳብ 3 ሜትሮ ኳሕን ዘለዎ ናይ ሓመድ ጸርግያ ከምዝሰርሐ ተገሊጹ።

ኣቶ መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ብሰንኪ ዘይምህላው ጸርግያ ነፍሱጾራት ይኹና ዝሓመሙ ነርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ክሸገሩ ምስ ረአየ ነቲ ስራሕ ከምዝጀመሮ፣ ኣብ መጻኢ'ውን ከምዝቕጽሎ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ኻንታ ኣቶ ክፍሎም ገብረእግዚኣብሄር ብወገኑ፡ ነቲ ተሰሪሑ ዘሎ ጸርግያ ልዕሊ 6 ዓድታት ከምዝጥቀማሉ ብምሕባር፡ ኣብ ስርሑ ኣድላዪ ደገፍ ከምዝገበረሉ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ምምሕዳር ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ንኣብነታዊ ሓረስታይ መሓመድ-ዓሊ ሳልሕ ንምትብባዕ መሳርሒታትን ማእቶትን ወረቐት ምስክርን ኣበርኪቱሉ።

**መሰመርና ድርዕና!**

ዜና

# ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ዘመናዊ ማሽናት ትዓጥቕ

መንግስቲ ብዘዘበሮ ገዚፍ ወጻኢታት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ዝበረ መምሃሪ ማሽናት ብሓደሽቲ ዘመናውን ምቕያሩ፡ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ርኡይ ለውጢ የመዝግብ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሰመረ ወረደ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ተመሃሮ ግብራዊ ትምህርቲ ዝቐስምሉ ክፍልታት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኰይኖም ዝጸንሑ ማሽናት፡ ብሓደሽቲ ዘመናውን ማሽናት ምትካኦን፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓቢ ተራ ይጻወታ ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

ዝወሃብ ዓይነታት ትምህርቲ - ሓፈሻዊ ህንጻ፡ ዕረያ ማካይን፡ ኤለክትሮኒክስን ኤለክትሪሲቲን፡ ከምኡ'ውን ጽርበትን ስርሓትን ሓጺንን ዕንጸይትን ከምዝጠቓልል ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ቅድሚ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቶም ምዝዛሞም፡ ንዘቕሰምዎ ሞያዊ ትምህርቲ ዘጕልሕ ግብራዊ ስራሓት ከምዝዕሙ ገሊጹ።

መምህራን ብወገኖም፡ ኣቐዲሙ ዝነበረ መምሃሪ ማሽናት ብእርጋን ካብ ስራሕ ወጻኢ ኰይኑ ብምጽንሑ ንስርሖም ብኣሉታ ይጸልዎ ምንባሩ ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተዓጢቖ ዘሎ ዘመናዊ ማሽናትን መሳርሒታትን ግና፡ ጽልዋኡ ኣብ ብቕዓት ርኡይ ምዃኑ ገሊጾም።


ኣብ 1954 ዝተመስረተት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ክሳብ ሕጂ 10,500 ተመሃሮ ብዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ከምዝመረቐት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ኣስታት 300 ተመሃሮ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ዓመት ትምህርቶም ኣብ ምክትታል ከምዝርከቡ፡ ሰነዳታ የረድእ።


ሰኣሊ: ዮናታን የዕብዮ

---

# ሃ/ቤተ-መዘክር፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ኣብ ቅርሲ ክዕቢ ይሰርሕ

ሕብረተሰብ - ኣብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ንዘሎ ቅርስታት፡ ከም'ቲ ኣብ ምዕቃብ ዝተጻወቶ ተራ፡ ብዝዕበኡ ዘለዎ ኣፍልጦ ክዕቢ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ተገሊጹ።



ዋና ዳይረክተር ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ዶ/ር የሴፍ ልብሰቃል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ኣተኩሮ ሃብም ዝሰርሑሉ ምዕቃብ ቅርስታት ኰይኑ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘውንኖ ጥንታውን ታሪኻውን ጺጋታት ባህላዊ ውርሻ ኣብ ምዕቃብን ምድንፋዕን፡ ከምኡ'ውን ናብ ህሉው ወለዶ ኣብ ምስግጋርን ምኽኣልን ልዑል ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

መንእሰያት ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ፡ ቀሲሞሞ ዝለዉ ፍልጠት ኣብ ህንጻት ሃገርን ወለዶታትን ብምውዓል፡ ኑቲ ሰፊሕን ሃብታምን ባህላዊ ውርሻ ምስ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ብምትሕሓዝ ብዕቱእ ክሰርሑሉ ኣተሓሳሰበ።

ተዓቂቡ ዘሎ ቅርስታት ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸረን ንዝተፈላለየ ዘበናት ታሪኽ ዘንጸባርቕ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዝሓቑፈን ምዃኑ ዝሓበረ ዶ/ር የሴፍ፡ ኈኺ-ኈኺ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ኩዕታ ስነ-ጥንቲ እውን ልዑል ኣቓልቦ ክወሃበ ኣዘኻኺሩ።

ኣባላት ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ብወገኖም፡ ዜጋታት ብሓፈሻ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ኑቲ ቅርስታት ብዕቱእ ክፈልጥዎ ምእንቲ፡ ዝኢ ዝሕግዝ ተበግሶታት ክወሰድ ተላብዮም።

---

# መንደፈራ - ተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ይምጐስ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምክልኻል መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ልዑል ምዃኑ ተገሊጹ።

ብ28 ሚያዝያ - ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ምክልኻል ዓሶ ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ኢሳቕ ጉብረብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መልከፍቲ ዓሶ ምስ 2023 ብምንጽጻር ብ28 ሚእታዊት ምንካዩ፡ መርኣያ ልዑል ንጥፈታት ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣቶ ኢሳቕ ብዝወሃኾ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከቡ 61 ወከልቲ ጥዕና ዓዲ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምውህሃድ 40 ሚእታዊት ናይ'ቲ ብደረጃ ን/ዞባ ዝተሰላሰለ ናይ ዳህሳስን ፍወሳን ንጥፈታት ከምዝሸፈኑ ብምግላጽ፡ ለውጢ ክሊማ፡ ተጻዋርነት ጣንጡ ንመድሃኒት ጸረ-ሕንዚ፡ ከምኡ'ውን ናሙሲያ ብዕቱእ ዘይምጥቃም ንመልከፍቲ ሕማም ዓሶ ከቃልዕ ስለዝኽእል፡ ሕብረተሰብ ክጥንቀቑሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልዱ ብወገኑ፡ ንተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ብምምጓስ፡ ህዝቢ ስሩዕ ከባቢያዊ ጽሬት ብምኽያድ መራብሒ ጣንጡ ንኽደፍን፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክዓዝዝ ተላብዩ።

---

# ዓንሰባ- ክፍሊ ቱሪዝም ንትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ስልጠና ወዲቡ

ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ዓንሰባ፡ ንኣባላት ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝወደቦ ናይ ሰለስተ መዓልታት ስልጠና፡ ብ1 ግንቦት ተዛዚሙ።

እቲ ስልጠና፡ ኣምር ቱሪዝምን ኣመዓብልኡን፣ ትካላዊ ምብህሃል፣ ታሪኻዊ፡ ሃይማኖታውን ባህርያውን ጺጋታት ምፍላጥን ምዕቃብን፣ ምውናን ደረጃኡ ዝሓለወን ብቑዕን ትካልን ንብረትን፣ ብቕዓት ዝወሃብ ኣገልግሎት፣ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ረቛሒታት ትካል ዘጠቓልል'ዩ ነይሩ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ስሉጥ፡ ጽፉፍን ኣዕጋቢን ስራሕን ኣገልግሎትን ንምርግጋጽ፣ ዓቕምታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ንምሕያልን ንቑሕ ኣተሓሳስባ ንምውናንን ከምዝዀነ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሳልም ዓሊ ገሊጹ።

እዚ ኣብ ከተማ ከረን ካብ ዝርከባ ትካላት ንዝተዋጽኡ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ክስራሓሉ መደብ ከምዘሎ ድማ ሓቢሩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ምዕባለ ስርሖም ዓቢ ተራ ከምዘህልዎ ብምጥቃስ፡ ቡብደረጃኡ ክቕጽል ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ከም'ዚ ዓይነት ዕዮ ኣብ መጻኢ ዝያዳ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሰበ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣባላት ናዚ ክሃድሙ ዝሓገዘ ኣጋጣሚታት

ኣብ መጀመርታ ሰላሳታት ዝሓለፈ ክፍለ ዘበን ስርዓት ናዚ ኣብ ጀርመን ስልጣን ምስ ሓዘ ብዘየኽተሎ ዝበረ ፖለቲካዊ ጥሩፍነት ስግኣት ዝተሰመዖም ጀርመናውያን፡ ካብታ ሃገር ናብ ሃገራት ምዕራብ፣ ብፍላይ ድማ ናብ ደቡብ ኣመሪካ ብብዝሒ ይስደዱ ነበሩ። ብኡ ጎ ምህዳም ዝሓሸ ኣማራጺ ኮይኑ ዝተሰመዖም ኣይሁዳዊ ዓሌት ዘለዎም ጀርመናውያን እውን ብብዝሒ እናወጹ ኣብ ሃገራት ላቲን ይኣትዉ ነይሮም። ኣብ መፈጸምታ ካልኣይ ውግእ ዓለም ድሕሪ ስዕረት ስርዓት ናዚ፡ እዚ ተሰራቱ ዝጸንሐ መስመር ስደት ኣባላት ናዚ ካብ ፍትሒ ዝሃደሙሉ መስመር ኮይኑ ኣገልገለ። ንህልቂት ሚልዮናት ጠንቂ ኮይናም ዝጸንሑ ሹማምንቲ ስርዓት ናዚ፡ በቲ “ራትላይንስ” ቀጢን ናይ ገመድ መሳልል ኣቢሎም ኣሽሓት ኣባላት ስርዓት ናዚ ክሃድሙ ከም ዝኽኣሉን መብዛሕትኦም ኣብ ላቲን ኣመሪካ ሓሪሶዮት መሰሎም ከም ዝተዓቀቡን መዛግብቲ የረድኡ። ቁንጣሮ ዝኣኽሉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስርዓት ናዚ ኣብ መጋባእያ “ኑረምበርግ” ቀሪቦም ብመሕነቕቲ ፍርዲ ሞት ክቕበሉ እንከለዉ ሃዲሞም ካብ ዝበሩ ሒደት ከኣ ብሃደንቲ ናዚ እስራኤላውያን እናተቐንጸሉ ወይ ናብ እስራኤል እናተጨወዱ ፍርዲ ከምእተቐበሉ ይፍለጥ። እቲ ዝበዝሐ ብዘይተሓታትነት ዝተሰወረ ኣባል ናዚ ግና ኣብ ማሕበረሰብ ላቲን ኣመሪካ ተዋሒጡ ተሳኢኑ። ኣባላት ናዚ ካብ ዝሰፈሩለን ሓያሎ ሃገራት ሓንቲ ኣርጀንቲና ድማ ኣብዚ ቐረባ እዋናት ኣሰፋፍራ ኣባላት ናዚ ዝኸሸሕ ሕቡእ ፋይላት ከምእተቃልዕ ኣፍሊጣ ኣላ።



ፕረዚደንት ኣርጀንቲና ሃቪየር ሚለይ፡ እቲ ንብዙሕ ዓመታት ተዓቢጡ ዝጸንሐ መዛግብቲ ዝቃላሓሉ ግዜ ከም ዝኣኸለን ንዋሕዚ ኣባላት ናዚ ዝምልከት ሓበሬታታት ዝሓዘ ሰነዳት ደገም ከም ዘይዕቀርን ኣፍሊጡ ኣሎ። እቲ ፕረዚደንት ምስ ሪፐብሊካውያን ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ኣብ ዘየደዶ ርክባት ነቲ ሰነዳት ክዘርግሖ ምትብባዕ ከምዝተገበረሉ ምንጭታት የረድኡ።

ኣባላት ናዚ ናብ ፍርዲ ንኸቕርቡ ብርቱዕ ድልያ እናተኻየደ፡ ኣብ ኣርጀንቲና ዑቕባ ዝረኸቡሉ ኣገባብ ንምፍላጥ፡ ንህዝቢ ኣንፈት ክህብ ይኽእል ተባሂሉ ዝግመት ሰነዳት ኣብ ቤት መዘክር ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ከም ዘሎ ይፍለጥ። ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣባላት ናዚ ክሃድሙ እንከለዉ ጣዕቢታት ሰዊስ ዘበርክትኦ እጃም እውን ኣብቲ ሰነዳት ኣርጀንቲና ከም ዝርከብ ይግመት። ካብኡ'ም ካብ ፍርዲ ዘምለጡ ኣባላት ናዚ ኣስታት 5 ሽሕ ኣብ ኣርጀንቲና ክሰፍሩ ካብ ዘተባብዖም ሓደ ምኽንያት እታ ሃገር ዑቕባ ዝሓትት “ስደተኛ” ናብ ካልእ ሃገር ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ሕጊ ስለ ዘይነበራ ምዃኑ ገለ ጸብጻባት የረድኡ። እዚ ኣሃዝ እዚ ናብ 12 ሽሕ ክብ ክብል ከም ዝኽእል ኣብ ቀረባ እዋናት ዝተረኸበ ጸብጻባት የረድኡ።

በዚ ተሰፋታት እዚ ተተባቢዖም ናብ ኣርጀንቲና ካብ ዝኣተዉ ኣባላት ናዚ ቀንዲ ሃንዳሲ ህልቂት ኣይሁዳውያን ኣዶልፍ ኤኽማንን ኣብቲ ናይ ህልቂት መጎስጎሪ ዶክተር ዝነበረ የሴፍ መንገለን ይርከብዎም። ኣዶልፍ ኤኽማን ብሃደንቲ ናዚ ሰለያ እስራኤል ተጨወዩ ናብ እስራኤል ተወሲዱ። መንገለ ኸኣ እናሓምበሰ ጥሒሉ ከም ዝሞተ ይንገር።

ኣባላት ስርዓት ናዚ ናብ ኣርጀንቲና ክኣትዉ ካብ ዘተባብዐ ቀንዲ ምኽንያት ግና ኣብ ርእሲ እቲ ስደተኛ ናይ ምዕቃብ ባህሊ ኣብቲ እዋን መራሒ ኣርጀንቲና ዝነበረ ህዋን ፔሮን ናብ ስደተኛታት ናዚ ሰናይ ኣመለኻኽታ ስለ ዝነበሮ ከም ዝኾነ ይንገር።

## ብሓያሎ ወገናት ዝተፋሕሰ ቀጢን መሰጋገሪ ገመድ

ኣብቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝወሰደ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒ፡ ስርዓት ናዚ ምስ ተሳዕረ ድሕሪ እቲ ኩናት እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ። ሆሎካስት እናተባህለ ዝጸዋዕ ዓሌት ናይ ምጽናት ፖሊሲ ብምዕቡል ዓቕሚ ቴክኖሎጂ እቲ እዋንን ብኢንዱስትርያዊ ኣገባብ ዘካይዱ ዝነበሩ ኣባላት ናዚ ካብ ተሓታትነት ክስወሩ ግድን ነበረ። ኣስታት 27 ሚልዮን ሰላማዊ ህዝብን ሰራዊትን በቲ ኩናት ዝሰኣነት ሕብረት ሶቭየት (ሩስያ) ንኸበባ ወተሃደራት ናዚ ካብ ምብራቕ ኤውሮጳ ደምሲሳ ናብ በርሊን ክትኣቱ እንከላ፡ ብሃገራት ምዕራብ ዝቖመ መሻርኽቲ ሃገራት ኪዳን ከኣ ካብ ደቡብ ኤውሮጳ ናብ ጀርመን ብምኽስጋስ ንስርዓት ናዚ ብሓባር ከም ዝቢታተኑ ይፍለጥ። እቲ ኣብ ጸብለልታ ዓሌት ኣርያን ተመርኲሱ ጽሩይ ኤውሮጳዊ ዘይኮነ ህዝቢ ዘጽንት ዝነበረ ስርዓት ዝመስረቱ ኣባላት ናዚ ድማ ብህድማ ካብ ኤውሮጳ ክወጹ ጀመሩ። ዘይተደልየ ዝብልዎ ህዝቢ እናተገፈ ብጸዓፍቲ እቶን ብጅምላ እናተኰብሰ ከም ሓሙኽሽቲ ዝንሓፈሉ መጓስከራት ዝሃንደሱን ዘመሓደሩን፡ እሱራት ብህይወቶም እናሰጠዩ ሕክምናዊ ምርምራት ዘካይዱ ዝነበሩ ኣባላት ናዚ ከይተታሕዙ ክሃድሙ ግድን ነበረ። ኣብ ጠይቱ መጓስከራት ህልቂት ዘገልግሉ ዝነበሩ ኣባላት ስርዓት ናዚ ኸኣ ካብ ኤውሮጳ እናወጹ ናብ ሓያሎ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ ኣተዉ።

እቲ ‘ራትላይንስ’ ወይ ከኣ ቀጢን መንገዲ ገመድ ክሰለጥ ተደናገጽቲ ወገናት ብዘተሓወስዎ ክኸውን ነይሩዎ። ሱብ ስልጣን መንግስቲን ሃይማኖታውያን ትካላትን ዝተሓባበሩሉ መስመራት ስግረ ዶብ ድማ ተፈጢሩ ነበረ። እቶም ዝሃደሙ ኸኣ ብኻልእ ወረቐት መንነት ኣብ መንነ ማሕበረሰብ ደቡብ ኣመሪካ ተሓዋዊሶም። ውሑዳት ግና ክተሓዙ ክኢሎም እዮም።

ኣብ ቦነስ ኣይረስ ርእሲ ከተማ ኣርጀንቲና ኣብ ሓደ መንጣጠሚ መካይን ከም ሓላፊ ጨንፈር ኮይኑ ንሓያሎ ዓመታት ዝሰርሐ “ሪካርዶ ክለመንት” ዝተባህለ ሰብ ኣብ ዓይኒ ሰለይቲ እስራኤላውያን ኣትዩ ነበረ። ኣብ 1960 ሓደ መዓልቲ ናይ ስራሕ እብረ ወዲኡ ብኣውቶብስ ተሳፊሩ ኣብ ከባቢ ገዝኡ ወሪዱ ብእግሩ ይጓዓዝ ነበረ። መኪና ‘ተሰይራቶም’ ከዐርዩ ርእሶም ናብ ሞተረ ቀርቂሮም ሓርኮትኮት ዝበሉ ሰለስተ ሰባት ተዓዚቡ ነይሩ፡ ግና ኣይጠርጠረን። ኩሓልፍ ክብል ሰለስቲኦም ኀቢጦም ናብታ መኪና ሰኩዮሞ። ኣውያት ከሰምዕን ፈንጠራዕ ክብልን ፈቲኑ ነይሩ። ግና ዝረድኦ ኣይነበረን። እታ ማኪና ሐዚዞ ተሰዊራ። ብናይ ሓሶት ስም ሪካርዶ ክለመንት ንብዙሕ ዓመታት ተሰዊሩ ዝጸንሐ ኣዶልፍ ኤኽማን ብሃደንቲ ናዚ ተጨወዩ እስራኤል ኣትዩ። እዚ ኣብ ስርዓት ናዚ ከም ምኽትል ኮሎኔል ዝነበረ ኤኽማን፡ ዝተገፉ ኣይሁዳውያንን ካልኦት ህዝብታትን ጃምላዊ መቕተልቲ ናብ ዝካየደሉ መጓስከራት መጓዓዝያ ዘዋፍር ነበረ። ኣብ ከተማታት ኤውሮጳ ግፉ ዝካየደሉ ወፈራታትን ዝተገፉ ዝጓዓዙሉ ኣገባባትን የማሕድር ዝነበረን ንኣማኢት ኣሽሓት ሰላማውያን ሰባት ናይ ምጽናት ሓላፍነት ዝተሰከመን ዕሉል ናዚ ነበረ።

ኣብ ኣርጀንቲና ኣቐድም ኣቢሎም ብገበር ሰደት ዝኣተዉ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ጀርመናውያን ብምንባሮም፡ ኣባላት ናዚ ኣሰምት እናለወጡ ናብቲ ህዝቢ ክተሓዋወሱ ዘኽእል ዕድላት ነይሩዎም። ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ሃቪየር ሚለይ ዘውጽኦ ሰነዳት ነቲ መስመራት ስግረ ዶብ ዘሳልጥ ካልእ ምስጢራት ከቃልዕ ከምዝይተርፍ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣርጀንቲና ሻራ ከይሓዘት ብጸግዒ ጥራይ እያ ትዕዘብ ነይራ። ኣባላት ናዚ ናብ ኢጣልያን ስጳንያን ክሰግሩን ካብኡ ናብ ኣርጀንቲና ክጓዓዙን ቀጢን መስመር መሰጋገሪ ካብ ዘዳለወ ሓደ መራሒ ኣርጀንቲና ነበር ህዋን ፔሮን ይጥርጠር። ካልኣይ ውግእ ዓለም ክጅማመር እንከሎ ኣብ ኢጣልያ ከም ቈንስል ተመዲቡ ዝሰርሐ ዝነበረ ፔሮን ብፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ መሶለኒ ኣዝዩ ዝተጸልወ ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ሃገሩ ፕረዚደንት ኮይኑ ከመሓድር ምስ ጀመረ ቆንስላት ኣርጀንቲና ኣብቲ ኣባላት ናዚ ዝሃደሙሉ ቀጢን መስመር ዕንቅፋት ከይፈጥሩ ኣዘዙ ምንባሩ ይፍለጥ። ከምቲ ሶቭየት ሕብረትን ኣመሪካን ካብታ ዝሳዕረት ጀርመን ሊቃውንቲ ሳይንስ ይሃድና ዝነበራ፡ ፔሮን እውን ጀርመናውያን ክኢላታት ቴክኖሎጂ ክስሕብ ይደሊ ነይሩ ይበሃል። ምስ ጸለውቲ ሃይማኖታውያን መራሕቲ ብምትሕብባር ናብ ኣርጀንቲና ዝኣትወሉ ጥጡሕ ቪዛ ብቐሊሉ እናረኸቡ ኣሽሓት ገበነኛታት ኣትላንቲክ እናሰገሩ ኣብ ኣርጀንቲና ተዓቚቦም።

መዳርግቲ ኣዶልፍ ኤኽማን ዝነበሩ ሓያሎ ካልኦት ግና ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናብ ፍርዲ ከይቀረቡ ዕድመኦም ኣኺሎም ሞይቶም። ሻምብቆ ትኪ ማኪና፡ ኣብ ዝባን ማኪና ናብ እተጻዕነ እሱራት ዝመልኦ ኮንተይነር ብምጥባቕ ዓፊኑ ዝቐትል ሜላ ዝፈጠረ ኮሎኔል ዋልተር ራውፍ ኣብ 1984 ኣብ ቺሊ ሞይቱ። በቲ ንሱ ዝፈጠሮ ሜላ እተን ማካይን ህያው እሱራት ጽዒነን ይጓዓዛ፡ ብትኪ ዝተዓፈኑ ምውታት ከኣ ኣብ ጋህሲታት የራግፉ። ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ እናተመላለሳ ኣሽሓት ሰባት ይቐትላ ነይረን። ጠቢሓይ ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ኢ.ድዋርዶ ሮሽማን ኣብ ቺሊ ብንብረ ሞት ሓሊፉ። ኣራዊት ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ጉስታቭ ዋግነር ቤት ፍርዲ ብራዚል ቀጻሪ ስለ ዘብዘሐ ኣብ ብራዚል ብሰላም ሰፊኑ። መልኣከ ሞት እናተባህለ ዝፍለጥ ኣብ ህያው ሰብ መጥባሕታዊ ምርምር ጫሊዳ ኣካላት ሰብ ዘካይድ ዝነበረ ዶክተር ጆሴፍ መንገለ ድሕሪ ሞቱ እዩ መንነቱ ተፈሊጡ። ብኻልእ ስም ዕድመኡ ወዲኡ ብኻልእ ስም ሞይቱ ኣብ ብራዚል ከኣ ተቐቢሩ። ድሕሪ ሸዱሽተ ዓመት ኣብ ኣስከሬኑ ብዝተገበረ መርመራ ድማ መንነቱ ተፈሊጡ።

ኣብ ኣዶልፍ ሂትለር ዝተመርኮሰ ብዙሕ ውዲታዊ ግምታት ይፍጠር እኳ እንተነበረ፡ ናይ ሲ. ሓኪሙ ብዘረጋገጾ መሰረት ግና ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ካብ ዝተረኸበት ሲ. ርእሰ ቅትለት ፈጺሙ፡ ኣስከሬኑ ብኣባላት ሓለዋ ከም እተቓጸለ ይግመት። ነቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝቃጸል ዝነበረ ባርዑ ነፈርቲ ውግእ ተመላሊሰን ብጥምባ ስለ ዝደብደበኦ ብጅካ ሲ. ካልእ ከም ዘይተረኽበ ጸብጻባት የረድኡ።



# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ጥዑይን ውሑስን ሰራሕተኛ፡ መሰረት ገስጋሲ ምዕባለ

ብንያም ኣሕፈሮም
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት

ወጻኢት ስራሕ፣ ከሉ ግዜ ብናይ ሓባር ተሳትፎን ጻዕርን ምስ ደንፈወ እዩ። ብዘናጽል ዝቶደድ ስራሕ፣ ካብ ሃልክን ድኻምን ጉልበት፡ ከምኡ'ውን ብኸንቱ ንዋት ሓሊፉ ዘምጽኦ ፋይዳ ዳርጋ ብዙሕ ኣይኮነን። ካብዚ ብምብጋስ ድማ'የም፡ ደቂ-ሰብ ንዘወጠንዎ መደባት ስራሕ ይኹን ንዘሓንጸጽዎ ንጥፈታት ናብ ናይ መወዳእታ ዕላማን ሸቶን ከብጽሕዎ ዘይተኣደነ ጻዕሪ ዝኽይዱ። እቲ ጻዕሪ ግን ካብ ወርጽጽን ቅርጠውን ኣፍልጦን ንቕሓትን፡ ከምኡ'ውን ካብ ንጡፍን ዘቋርጽን ተበግሶ፡ ድሌትን ጽንዓ ውዳበን ዝተሰነየ ክኸውን ከሎ ተመራጺ ይገብሮ።

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ዓመታዊ ኣብ "28 ሚያዝያ" ትብዓል ኣገዳሲት ዕለት'ያ። ሎሚ ዓመት ከኣ ብደረጃ ዓለም ኣብ ትሕቲ "ጽልዋ ኣሃዛዊ ዕዮ (digitalization)ን ሰብ ሰርሖ ብልሒ (Artificial Intelligence)ን ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት" ብዝብል ቴማ ንመበል 22 ግዜ ተዘኪራ ወዲላ። ብደረጃ ሃገር ድማ፡ ኣብ ትሕቲ "ብሓባራዊ ጻዕሪ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ነውሕስ!" ዝብል ቴማ ንኻልኣይ ግዜኣ ተዘኪራ።

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ኣገዳሲ ዕዙዝ እዩ። ስለዚ፡ ካብ 2003 ጀሚሩ ዓመታዊ ክዝከር ጀሚሩ ኣሎ። ክዝከር ዝተደለየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ኣሰራሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ዘለዎም ንቕሓትን ኣፍልጦን ንምብራኽ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ከም ኣማሲያኡ ኣብ ድሕነት ዝቶየዱ ዘለዉ ጻዕርታት ብዚያዳ ንምሕያልን ንምዕዛዝን እዩ። ኣብዚ መዓይ'ዚ ዝቶየዱ ዝዘከሩ ጻዕርታት ፍጹም ኣይነበሩን ማለት ግን ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ፡ ዚያዳ ወጻኢትን ፍረን ክርከቦ ብዝተወደበን ዝተጻንዐን መገዲን ኣገባብን ክሕየሉ ከምዝለዎም ንምዝኽኻር እዩ።

ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ ዕዮ (ILO) ከምዝሕብሮ፡ መዓልታዊ ልዕሊ 6,500፣ ዓመታዊ ከኣ ኣስታት 2.4 ሚልዮን ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ሞያዊ ሓደጋታት ወይ ካብ ስራሕ ዝበገሱ ሕማማት ህይወቶም ይስእኑ ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ዓመታዊ ልዕሊ 317 ሚልዮን ሓደጋታት ኣብ ቦታ ስራሕ




የጋጥሙን ከቢድ ሳዕቤናት የኸትሉን ኣለዉ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ድማ፡ ስብኣዊ ክሳራታት፡ ማዕረ-ማዕረኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ዘውርዶ ዘሎ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት መዳርግቲ የብሉን። ከንዲ ዝኾነ፡ ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ኑየም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ዘለዉ ሓደጋታትን ሕማማትን ኣገናዲልካ፡ "ውሑሱ፣ ጥዑይን ኣዕጋቢን ስራሕ" ንምምዕባል፡ ተወሳኺ ድርኺትን ድፍኢትን ንምፍጣር ዝዓለመት'ያ። ካልእ፡ ብሰንኪ'ቶም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ሕማማትን፡ ህይወቶም ዝስኣኑ፡ ከምኡ ከኣ ጉዳያት ከቢድ ስንክልና ወይ ጉድኣት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ንምዝካር'ውን ዝዓለመት እያ።

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት 2025፡ ዘቆማጥም ዕላማታት ናብ ሸቶኦም ክበጽሑ፣ ኩሎም ኣካል እጃሙን ተራኡን ተገንዚቡ፡ ጻዕርታቱ ብዝተዓጻጸፈ መገዲ ከሐይል ክኽእል ኣለዎ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ምውሓስ ንሓደ ኣካል ወይ ወገን ዝግደፍ ዕማም ዘይኮነ፡ ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ማለት ናይ ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕቲ ወይ ትካል፡ ከምኡ'ውን ናይ ተቖጻጻሪት ኣካላት መንግስቲ እጃምን ሓላፍነትን ምዃኑ ብዕቱብ የዘኻኽር። ኣሰራሕቲ ወይ ትካል፡ ውሑሰን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክፈጥሩ ቅድመ-ንጡፍ (Proactive) ስጉምቲታት ክወስዱ፡ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝወጹ ናይ ድሕነትን ጥዕናን ፖሊሲታትን መምርሒታትን ተኸቲሎም መዓልታዊ ንጥፈታቶም ክካይዱ፡ ከምኡ'ውን ተቖጻጻሪት ኣካላት መንግስቲ ንትግባረ ድሕነትን ጥዕናን ዝወጹ ሕጋጋት፡ መዐቀኒ ደረጃታት፡ ኣገባባትን ሜላታትን ከረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ነፍሲ-ወከፍ ኣካል ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘካይዶም ዘሎ ጻዕሪ ምስ ዘሐይል፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ሕማማትን ክጐድሉ ግድን ይኾኑን።

ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንክውሓስ፡ ጻዕርታትና ብሓባር እንሐይለሉ ሜላ ይሓትት። ብውሕዱ፡ ስሩዕን ቀጻሊን ስልጠናን ትምህርትን፡ ንጡፍን ሓያልን ተሳትፎ፡ ከምኡ ድማ ብቑዕን ጽፉፍን ምብህሃል የድሊ። እዚ ከኣ፡ ኑየም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ተኽእሎ ሓደጋታት ንምፍታሽን ንምልላይን፡ ከምኡ'ውን ንምውጋዶምን ዘኽእል ስጉምቲ ንክውሰድ ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ትካላት፡ ዓቕሚ-ሰበንን ጸጋታተንን ኣዋዲደን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቦታ ስራሕ ከጋጥም ንዝኽእል ሓደጋ ንምውጋድ ዝኽእል ስጉምቲታት መታን ክወሰዳ፡ ብደረጃ ትካል መምርሒ ወይ ፖሊሲ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ክህድኣን ከማዕብላን ኣለወን። ምስኡ ድማ፡ ኣብ ትግባረ ናይ'ዞም ዝወሰዱ ስጉምቲታት፡ ቀጻሊን ስሩዕን ክትትልን ቁጽጽርን ክካይዳ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሰራሕተኛታት ንምብራኽ ስልጠናታትን ትምህርትን ክህባ ኣለወን። እዚ፡ ካብ ተወፋይነት ምምሕዳር፡ ተሳትፎ ሰራሕተኛታትን ጽንዓ ናይ ድሕነት ባህልን ዝመንጨወ ምስ ዝኸውን፡ ዚያዳ ዕወትን ኣተባባዕን ይገብሮ።

ትካላት፡ ከጋጥመን ዝኽእል ሓደጋታትን ሕማማትን ንምጉዳል፡ ዝጥቀማሉ ንጥረ-ነገራትን ኣቕሑን፡ ዝገልገላሉ መሳርሒታትን ማሽናትን፡ ዝኽተላኦ ኣገባብ ኣሰራርሓን ኣተገባብራ መደባት ስራሕን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን፡ ከምኡ'ውን መምርሒ ወይ ፖሊሲ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኩዓልዎን ክቐርጻን ኣለወን። ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን፡ ብደረጃ ትካል፡ ብዘኻሞውን ንጹርን ኣገባብ ኩዓለው ከለዉ፡ ሰራሕተኛታት ዚያዳ ተዋሳእቲ ኮይኖም ዋንነት ክስምዖም ዝድርኽ እዩ። ግብራውነቶምን ተግባራውነቶምን ዚያዳ ዕዙዝ ክኸውን ድማ ይሕግዝ። ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን፡ ንጹራት ሸቶታትን ዕላማታትን ሃሊዩዎም፡ ናብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ንኽበጽሕ፡ ጻዕርታት ምኽያድ የድሊ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ዋጋ ዘይብሉ ኣብ ከቢሒ ዝተቐመጠ ህያው ሰድ ኮይኑ ክተርፍ እዩ።

ኣብ ትግባረ ዝተዳለወ ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን፡ ተሳትፎ ኩሎም ኣካላት ምምሕዳር ብዘረጋግጽ መገዲ፡ ተራን ኣበርክቶን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣካላት ብዝርዝር ተጸሒፉ ክሰፍር ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳይ ማንም ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ ክተርፍ የብሉን። ምኽንያቱ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ኣድማዒ ንጥፈት'ዩ። ስለዚ ኣብ'ቲ ትካል ዘለዉ ማናጀራት፡ ሓለፍቲ፡ ሰራሕተኛታት፡ ኮንትራክተራት፡ በጺሖቲን ካልኦን እውን፡ ተራኦምን እጃሞምን ብዝርዝር ክንጸር ኣለዎ። እዚ ከኣ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘለዎ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ክንጸር ስለዘድድ'ዩ። ኣብ ተራን እጃምን ምንጻር ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ፖሊሲ ወይ መምርሒ ድሕነትን ጥዕናን ትካል፡ ንግብራውነቱን ተግባራውነቱን ዘድሊ ፋይናንሳዊ ስብኣውን ማተሪያላውን ሪብሓን መኽሰብን እናሃለዎ፡ ብሰንኪ ምስምስ ሕጽረት ባጀት፡ ዛሕሊ ስራሕ፡ ዋሕዲ ፍርያት፡ ሕጽረት ኣታዊታትን ካልእን ክደፍኣሉ ኣይርኣያን። ነዚ ንምእራም ግን፡ ዘድሊ ትዕዝብቲ ተወሲዱ፡ ክስርሓሉ ተጀሚሩ ኣሎ።


ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኩዓለው ከሎ፡ ብዝተኻእለ መጠን ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ክህሉ ኣለዎ። ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ብደረጃ ትካል ክረጋገጽ እንተ ኾይኑ ድማ፡ ብውሕዱ ብዛዕባ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ቀጻሊ ዝርርብን ዘተን ክካይዱ፣ ንሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ዝምልከት ሕቶታት ክሓቱ፣ ሓሳባትን ርእይቶታትን ክህቡን ክቕበሉን ዘኽእሎም መድረኻት ክፍጠረሎም ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ትካላት ከም ብዝሒ ሰራሕተኛታተን፡ "ኮሚቴ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን" ወይ "ወኪል ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን" ክምስርታ ኣለወን።




ጸጋታት ብጾር ተሰሊዖም ክቕመጡን ክረጋገጹን ኣለዎም። እንተ ዘይኮይኑ ትካል ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘለዎ ተወፋይነትን ተገዳስነትን ብኣሉታ ክጽለው'ዩ። ብግብሪ ክርአ ከሎ'ውን፡ ትካላት መብዛሕትኡ ግዜ ዘቕርብኦ ምኽንያታትን ምስምሳትን፡ ኣብ ባጀትን ተመሳሳሊኑየምን ዘድሃብ'ዩ። የግዳ፡ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ልዕሊ ኣፍራይነት ሰራሕተኛታትን ፍርያምነት ትካልን ከም ወፍሪ ደኣ'ምበር ከም ወጻኢ ክርአ ኣይግባእን።

ድሕሪ ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ምድላውን ምቕራብን ቀጺሉ ዝመጽእ ኣገዳሲ ጉዳይ፡ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ኣብ ትግባረ መደባት ስራሕ ድሕነትን ጥዕናን ዘረጋግጽ፡ ብቑዕን ጽፉፍን ናይ ምብህሃል ኣገባባትን፡ ከምኡ'ውን ስሩዕን ቀጻሊን ስልጠናን ትምህርትን ምትእትታው እዩ። ዝርዝራትን ትሕዝቶታትን ናይ'ቲ ብደረጃ ትካል ተዳልዩ ዝቐረበ ፖሊሲ ወይ መምርሒ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ናብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት፡ ብፍላይ ከኣ ናብ ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሓታት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ክበጽሕ ኣለዎ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘለዎም ኣፍልጦን ንቕሓትን ንኸዕቢ ድማ ተደጋጋሚን ስሩዕን ስልጠና ወይ ትምህርቲ ክወሃቦ ኣለዎም። እንተ ኾነ፡ ትካላት ኣብዚ ጉዳይ ዘለወን ኣረኣእያን ኣመለኻኽታን ብኣንጻሩ'ዩ ዘሎ። ርኡይ ከምዚ ዓይነት ኣማራጺታት ምስ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ዓዚዙ ግብራውነቱ ክረጋገጽ ይኽእል እዩ። ሕጂ'ውን ኣብ ባይታ ዘሎ ካብዚ ዝተፈለየ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ንምእራም፡ ጻዕርታትና ከሐይል ይግባእ።

ልክዕ'ዩ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ቀሊልቲ ዘይኮኑ ዝፈታተኑ ብድሆታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ዓለማውነት፡ ሳይንሳውን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለታት፣ ኣገባብ ኣቈጻጽራ ሰራሕተኛታት፡ መልክዖት ኣገልግሎት ሸቐለት፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ቅርጺን ኣቃውማን ቦታታት ስራሕ፡ ምስሊ (ገጽታ) ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮን ቈልዑን፡ ቅልቀላ ዝተፈላለዩ ከሚካላትን ንጥረ-ነገራትን ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። ብመንጽር ቦታታት ስራሕን ጽላት-ቀጠባን ክርአ ከሎ፡ ጽልዋ ናይዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ምዕሩይነት የብሉን። እዚ ከዉንን እዋናውን ተርእዮታት ንምቕላል ወይ ንምቕላስ፡ ቀሊል ዕማም ከም ዘይኮነ ርዱእ'ዩ። ስለዚ፡ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ጻዕርን ስራሕን፡ ስሉሳዊ ወሃይትን ስጥመትን፡ ኣድማዒ ወጻኢት ከም ዘምጽእ ተገንዚብና፡ ሓቢርና ጻዕርታትና ከሐይል ኣለና። በዚ ከኣ፡ ጽኑዕን ሓያልን ናይ ድሕነትን ጥዕናን ባህሊ ክሃንጽ ንኽእል ኢና።



ሪፖርታዥ

# "ኣብ ማሕላ ሰዉኣትና ጸኒዕና፡ ሓደ ምኳን እዩ ዕላማና" ገዳይም ኣባላት ክ/ሰ 70.16

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ስእሊ - ዮሃንስ መብራህቱ



ኣባላት ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተ-ሰራዊት 70.16 ነበር፡ ኑዩም ኣብ ዓዲ ሓወሻ፡ ከተማ ደቀምሓረ፡ ዓላ ጋዴን ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዛብ፡ ብ3 ግንቦት 2025 ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ብምክፍፋል ዑደት ኣካይዶም።

እዞም ኣባላት፡ "ኣብ ማሕላ ሰዉኣትና ጸኒዕና ሓደ ምኳን እዩ ዕላማና" ብዝብል መሪሕ ቴማን ዕጥቅን እዮም ካብ ኣስመራ ተበጊሶም። ኣብ ጉዕዞኦም፡ ነቲ ዝተቓለሰሉ ደፋዓት ሰሓርቲን ከብበኡን እናተዓዘቡ፡ ኣራፊዶም ከተማ ደቀምሓረ ኣትዮም። ብድሕሪዚ ነቲ ኣብ ዞባዊ ኩናት ምስ ሰራዊት ስርዓት ደርግ ሓያል ጥምጥም ዝተኻየደሉ ሰንሰለት ደፍዓት ማይ ዕዳጋ ወጢጦም፡ ጉራዕ ዓዲ ሃርም ብሓፈሻ ግንባር ደቀምሓረ ንድሕሪኡ ብምሕላፍ፡ ድሕሪ 17 ኪ/ሜ ኣብ'ታ ቦታ ሕርሻን ፍረታትን ከምኡ'ውን መናሃርያ ሰውራ ዝኾነት ሰጣሕ መሬት ጉልጉል ዓላ ኣተዉ። ብፍላይ



ብ/ጀነራል ተኽለ ክፍላይ



ኮ/ል ኢሳቕ ገብሩ (ወዲ-ሸዋ)

ገለኦም ተጋደልቲ ብግዕዶ ንጓድታት ባዜት፡ መናሃርያ ኤርትራውያን ኮማንዶ ዝኾኑት በለስቶ፡ ዓዲ ርሶ፡ ጎቦ ሰሴብ... ብግዕዶ ምስ ተዓዘቡ ኣብ ዝኸርን ምድፍናኞን ዝኣተዉ ይመስሉ። ምኽንያቱ ናይ ንእሰነት ግዜን ፍጻመን ተዘኪርን ተናፊቖን ስለ ዝኾኑ።

እዞም ገዳይም ተጋደልቲ ጸጸኒሖም ወኻዕዕ እናበሉ፡ ዝኸርታቶም የሐድሱን ብባዕዲታቶም ክጻወውዑ ይሰምዑ። ብድሕሪዚ፡ ዝተሳፈሩዋ ደርማስ ኣውቶቡስ ንጎቢ ቢንቶ ጸርግያ ሓወሲ ከተማ ጋዴን ብምስንጣቕ፡ ካብ ቀንዲ መስመር ጸርግያ ንሸኻኽ ጸጋም ብምሓዝ፡ ነቲ ሃው ዝበለ ጸድፊ ሓደሽ ጸርግያ ከም ጠል ክትሓኽር ተራእየት። ድሕሪ 4 ኪ/ሜተር ዝኸውን ጉዕዞ ድማ፡ ኣብ ቦታ'ቶም እጅገኦም ብምስቡሶበ ንሓርነትን ብልጸግናን ህዝቦምን ሃገሮምን ተወፍዮም እናተቓለሱ ዝሰርሑ ዘለዉ ቦታ ጀጋኑ ልምዓት ሰዓት 10:30 ቅ/ቐትሪ በጺሖም።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተሰራዊት 70.16 ኣብ'ቲ ደሮ 20 ሜኢታዊ ክፋል ህንጻታ ተዓሚሙ ዘሎን ኣብ ምቕጻል እትርከብን ዲጋ ሰረንደቆ ኣብ ዝበጽሑሉ፡ በየም ነቲ ስራሕ ዝመርሑ ዘለዉ መሃንድሳትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብዛዕባ ማስርሕ ህንጸታ ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ተዋሂቦም። ብመሰረት እቲ መግለጺ ድማ፡ ምህናጽ እዛ ዲጋ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2024 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ምስ ተዛዘመት 40 ሜትሮ ቁመት 40 ሜትሮ ከኣ ስፍሓት ጉዒ ክህልዋ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 2 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ ማይ ክትሕዝ እያ። ብድሕሪዚ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ናብ'ቲ 85 ሚኢታዊት ዝተዛዘመ ልዕሊ 19 ብሉቓት ዘለዎ ሰለስተ ኢጋንእ ጽሩይ ዝሰተ ማይን ክልተ ደማ መጠራቐሚ ረሳሕ ፈሳሲ ባኮታት ዘጠቓልል ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ እዚ ማእከል እዮም በጺሖም።

ኣብ'ቲ ቦታ ድማ ብዛዕባ ኣተሃናንጻኡን ዝወሰዶ ግዜን ጸዓትን ኣብኡ ዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብዝምልከት ብመራሕቲ ናይ'ቲ መደባት መግለጺ ተዋሂቡ። ነቲ ኢጋንእ ከምኡ'ውን ነቲ ሓደሽ ቤት ትምህርቲ፣ ሓቓፍዋ ዝርከብ መሳርሒታትን ዝሆ ኣገልግሎት ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናታትን ድማ ተዘዋዊሮም ተዓዚቦም። ብምቕጻል ናብ'ቲ ብህዝቢ ዓላን ከበበኡን ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻልን ዝተዳለወ ናይ ምሳሕ ሸሻይ እንግዶት ኣምሪሖም።

ብድሕሪዚ፡ ጉዕዞኦም ናብቲ ኣፍራስ ዘጋልብ ዳስ ሴቲን ወህደትን ኩኑ፡ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብ/ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፣ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ዝርከብዎም ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሰብ ስልጣን መንግስትን፡ ህዝብን ሰራዊትን በቦታኦም ምስ ሓዙ ድማ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተሰራዊት 70.16 'እንቋዕ ብሰላም ገጽ ንገጽ ተራኸብና' ዝሰምዕ ደርፍታት እናደረፉ፡ እናጣቓዑን እናዘለሉን ናብ'ቲ ሃገርኛ ዝበል ኣደራሽ ናይ'ቲ ዳስ ኣተዉ። ሰራዊት ብጣቕዒት፡ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ 'ኦማል' ድማ "ተራኺብና" እናበሉ መሳርሒታቶም ብምውቃድ ብደርፌ ተቐቢሎምዎም።

ወግዓዊ መደብ ናይ'ቲ ዕለት ብዘኽረ ሰማእታት ምስ ፈለመ፡ ነቲ ኢጋጣሚ ኣመልኪቱ ቃል ዘሰመዐ ሓለቓ ስታፍ ክፍለሰራዊት 36 ሜጀር ሑሴን መሓመድ እዩ። ንሱ፡ "እዚ ዝቐደ ዘሎ ናይ ምዝንጋዕ መደብ፡ ብኢጋጣሚ 24 ግንቦት በዓል ናጽነትን ኣብ'ዚ ከባቢ ዝቐደ ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ኩይኑ፡ "ኣብ'ዚ ኢጋጣሚ ከም'ዚ ኢልና ተኣኻኺብና ብሓባር ክንውዕል ዝገበሩ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተሰራዊት 70.16 ነበርን ንምእካል እዚን ኣመስግን" ኢሉ። ቀጺሉ፡ "እዚ ሎሚ እነካይዶ ዘሎና ናይ ምትእኽኻብ መንፈስ እምበኣር፡ ሓደ ካብቶም ብሉጻትን መለለዩን ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ኩይኑ፡ ጉዕዞ ታሪኽና ክሳብ ሕጂ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝመጽአ ሕላገት እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብጸላኢቲ ክሰዓር ዘይክኣለ ድማ፡ ብመሰረቱ ኣብቲ ጸገማትን ተወፋይነትን ዝመለለዩኡ ሕድሕድ ምክብባር ስለ ዝተሃንጸ እዩ" ክብል ገሊጹ። ኣሰዒቡ፡ "እዚ ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ 70.16 ዝተኻየደ መደብ ከኣ፡ ሓደ ጸቡቕ መርኣያን ሰጉምትን መላግቦ ምውርራስን እዩ። እዚ ከኣ ንጌጋዊ ባህልናን ታሪኽናን ዘመስከረን ክሰዓብ ዘለዎን ተበግሶ እዩ። እዚ መደብ'ዚ፡ እቲ ዝጸንዕ ዘሕልፎ መልእኽቲን ዕላማን እንተ ደኣ ኣሎ ከኣ፡ 'ኩላትና ኣብ ጉድኒ ሓይልታት ምክልኻልና ኣለና' ብዝብል ረዚን ትርጉም ዝሓዘለ ምኳኑ እዩ" ኢሉ።

ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ "እዚ ዘለናዮ ቦታ ኣብ'ታ ምልክት ጸገዎትን ጅግንነትን ከምኡ'ውን ሰፍራ ጀጋኑ ዝኾነት ዓላ ምብዓልና፡ ኒሕን ተወፋይነት ዘሰንቐና ብምኳኑ ፍሉይ ተዘክሮ ኣለዎ። ደጀንን ምስጢር ሰውራናን ዝላቕፈት ዓዲ ህዝብና ኣብ ሕቖፌ ጸላኢ ኩይኑ ዝመኮተሉን ዝሰጸረሉን ቦታ ብምኳኑ፡ ፍሉይ ስለ ዝጉብሮ፡ ንምዝንጋዕና ባህታ ፈጢሩሉ ይርከብ ኣሎ" ክብል'ዩ መደረኡ ዛዚሙ።

ኣካያዲ ፕሮጀክት ህንጻ እዚ ማእከል ኣቶ ኪዳነ ሓድጉ ብወገኑ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ "እዚ ዝቐደ ዘሎ ወፍሪ ህንጸት እምበኣር፡ ብዝተበገሶ እዚ ማእከል ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዓቕሚ ሰቡ ንምምዕባል ዕላማ ገይሩ ዝተበገሰ ኩይኑ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2022 ቀዳማይ ገጽ ዝጀመረ ፕሮጀክት እዩ" ድሕሪ ምባል፡ "እዚ ዝተሃንጸ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብቐዓቱ ዝላለወ ኩይኑ፡ ኣብ ኣገዳሲ ብዙሕ ብሉቓትን ክፍልታትን ብምምቕቓል ኣብያተ ጽሕፈት መምህራን፡ መደቀሲ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሰራሕተኛታትን፡ ቤት ንባብ፡ ክፍሊ ኮምፒዩተር፡ ካፈተርያ፡ እንዳ ፎርኖ፡ ማይ ዝሕዝ ባኮታት፡ 36 ዓይኒ ምድርን መሕጸቢ ሰብነትን ዘጠቓለለ እዩ" ክብል ሓቢሩ። ንሱ ቀጺሉ፡ "ኣብ'ዚ ከባቢ ዘለዋ መዓከራት ተጠቂምካ ንምግባር ናይ 2.5 ኪ/ሜተር መስመራት ቱቦ ማይ ተዘርጊሑሉ ኣብ መስርሕ ኣሎ። ከም መደብ ንምምሕዳር ከባቢ ሶላሕ'ውን ተጠቃሚት ናይ'ዚ ዕድል'ዚ ንኽትከውን ይሰራሓሉ ኣሎ" ክብል ሓቢሩ።

ሰዒቡ ብዛዕባ ኣካዳምያዊ ንጥፈታት ትምህርቲ ቃል ዘሰመዐ፡ ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ እዚ ማእከል፡ መምህር ሰለሙን ጉብረመስቀል እዩ። ንሱ "ዕላማ ናይ'ዚ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ውሽጢ ግንባርና ንክፍላተሰራዊት ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ብምሃብ፡ ዓቕሚን ፍልጠትን ሰራዊትና ክብ ንምባል እዩ" ድሕሪ ምባል፡ "ተመሃሮ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ኣብ ኣሃዱታቶም ተማሂሮም ዝመጽኡ ኩይኖም፡ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ግን ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ከም ዝቕጽሉ ንምግባር ዝተሃንጸ እዩ" ኢሉ። ኣሰዒቡ፡ "ብደረጃ ግንባር ንዘውደቡ ዝተፈላለዩ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ንምክትታሉ መታን ክጥዕም ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ብዘለዓለ ይሰራሓሉ ኣሎ። እዚ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ'ዚ፡ ኣገልግሎቱ ኣብ 2011 ዝጀመረ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ክንመሃረሉ ዝጸንሓና ቀጽሪ ንትምህርቲ ዘይምቹእ ብምንባሩ ግን፡ መደባትና ብሰፊሑ ንምኽያድ ማሕንቖ ኩይኑና ጸኒሑ እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ ብዝተበገሶ ኣዛዚ እዚ ማእከል፡ እዚ እንኸዞ ዘለና ግሩም ቤት ትምህርቲ ተሃኒጹ ኣሎ" ክብል ሓቢሩ።

ቀጺሉ ብስም ኣቦመንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተሰራዊት 70.16 ቃል ዘሰመዐ ኮ/ል ኢሳቕ ገብሩ (ወዲ ሸዋ) እዩ። ንሱ "ንሕና ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተ ሰራዊት 70.16 ነበር፡ ንኹሉም ኣባላትና ወኪልና ኣብ መንጎኹም ብምርካብና ሓበን ይሰመዓና" ምስ በለ፡ "ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ናይ ሃገርና ጉልበቱ ከይበቐቐ ናይ ልምዓት ትሕተ ቅርጺ በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ከኣ ሃገር ንምምሻእን ናጽነቱ



ንምዕቃብን ናይ ዝሓለፉ ሰዉኣትና መዘከሪ ሓወልቲ ብምህናጽ ዘርእዮ ዘሎ ተወፋይነት ኣድናቖትና ወሰን የብሉን" ኢሉ። ወዲ ሸዋ ኣሰዒቡ፡ "ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተ ሰራዊት 70.16፡ ከም'ቲ ስሙ ዝሕብሮ ናይ ምትሕግጋዝ ሕላገት ዓጢቑ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጣሚታት ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዝ ክገብር ጸኒሑን ኣሎን። መቐጸልታ ናቱ ከኣ እዚ ሎሚ እነካይዶ ዘለና መደብ እዩ። በዚ ኢጋጣሚ ማሕበርና፡ ኣብ ጉድኒ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብምኳን ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ከም ዘለና ቃል ንኣቱ" ክብል እዩ ቃሉ ደምዲሙ።

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ነቲ ኢጋጣሚ ማእከል ብምግባር፡ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ኣብ ዘሰመዖ ሓጺር ቃል፡ "እቶም ናብ'ዚ ልምዓታዊ መደባት ናይ'ዚ ግንባር ክትበጽሑ ዝመጻእኩም ኣባላት ክፍላተ ሰራዊት 70.16፡ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም" ድሕሪ ምባል፡ "ልዕሊ ኩሉ ኣብ ልምዓታውን ማሕበራውን ንጥፈታት ብዝተወፋይነትን ጸገዎትን ኣብ ምስራሕ ቢንቶ፡ ጽርግያ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ዲጋ ክትሳተፉ ዝጸናሕኩም ሰራዊት ናይ'ዚ ግንባር ከኣ ወጽኢት ስራሕኩም ብዝግባር ስለ ዝተራእየ ምስጋናይ ልዑል እዩ" ኢሉ። ቀጺሉ "ብኣጠቓላሊ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግንባር፡ ሰራዊት ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት እዩ ዝኾተፍ



ሜጀር ሑሴን መሓመድ



ኪዳነ ሓድጉ - ኣካያዲ ህንጻ እዚ ማእከል

ዘሎ። ከም ኣብነት ኣብ እምባ ሶይራ፡ ሰርሓን ከበበኡን፡ ጸሮናን ከበበኡን፡ ማይዕምን ከበበኡን፡ ማይ ድማን ከበበኡን ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተፈላለዩ ከበቢታት ሰራዊት ናይ'ዚ ግንባር'ዚ፡ ካብ ጸባሕ እቲ ዝበረ ዕዉት ስርሒታት ተመሊሱ ኮፍ ክብል ግዜ ስለ ዘይረኸበ፡ ኣብ ልምዓት ደርኩብ ኣሎ" ክብል እዩ ዘረብኡ ደምዲሙ።

ብድሕሪዚ መደብ ናብ ምዝንጋዕ እዩ ተሰጋጊሩ። "ካብ'ዚ ዝዓበዶ እንታይ ውራይ ኣለና እዩ" ብምባል፡ ጉጅለ ባህሊ ኦማል ናይ ክፍለሰራዊት 36፡ መሳርሒታታ ኣዋዲዳ ወኒ ብዘበራብር መንገዲ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ጣዕመ ዜማታት ብምቕራብ እያ፡ ነቲ ኣብ ልምዓት ተዋፊሩ ዝጸንሐ ሰራዊትን ህዝቢ ከባቢ ዓላን ከተቘጻጽሮ ተራእያ። 'ኣፋንዋናየ' ክሳብ ዝበሃል ድማ፡ ህዝብን ሰራዊትን፡ ክፍላተ- ሰራዊት 70.16 ኣብ መጋርያ (ጓይላ) ፍቕርን ሓድነትን ሓቢሮም ተዘናጊዮም። እቲ መደብ ድማ፡ መንፈሰን ክብርን ለቦዋን ሕድርን ጀጋኑና ብዘኻኽር መንገዲ'ዩ ተጸንቢሉ። ኣማስያኡ ድማ ብዘኽሪ ሰማእታት ተዛዚሙ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ናኣድ ዓንደማርያም መሓሪ ምግል ተሪፉ ኣማኑኤል ዓንደማርያም መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሰለ ጉብረማስቀል ቀለታ፣ ኣቦና ጉብረማስቀል ቀለታ ኢማን ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ምስ 3 መወትቲ ኣሕዋተይ ምስ 23 ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሓረት ጉብረእዝግኣብሄር ተሰፉጋብር፣ ተጸዋዒ ኣቶ መሓሪ ጉብሩ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ፍጹም ኣስመሮም ክብሮም፣ ኣደይ ርሻን ተሰፉስላሴ ግደ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ጥራሕ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ፍቁጥር ተስፋም፣ ብዓል ቤተይ በየነ ጉብረእግዚኣብሄር ስብሓቱ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 1 ጓልና ድማ ወረሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይ ጉብርኤል ኣደም ምግል ተሪፉ ሰናይ ጉብርኤለ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሳራ ጉብርኤል ኣደም ምግል ተሪፉ ሳራ ጉብርኤለ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ኀጎስ የውሃንስ ኣቦና ኀጎስ የውሃንስ ሰሎሞን ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ሓበን ቐሺ.የማኑ ተኸሳሲ ገረዝጊሄር ጉርጆ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሉቲና ጴጥሮስ መንግስቱ ምግል ተሪፉ ኮኮብ ጴጥሮስ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣክረም ካልድ መሓመድ ምግል ተሪፉ ኣክረም ካልድ ኣረይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ማርታ ብእምነት፣ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ስልጣን፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ምስጎና ክፍለማርያም ፍስሃ ምግል ተሪፉ ምሲጋና ክፍለማርያም ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፕርሲሄል ጳወሎስ ኣብርሃም ምግል ተሪፉሚሪሄል ጳወሎስ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጺጋ ተስፋሚካኤል ፋሰል፣ ብዓል ቤተይ ዶ/ር ሰሎሞን ጺጋይ ባህታ ስለዝዘለሰወ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብመገዲ ወለዱ፣ ኢያዳ ናትናኤል በረኸት ምግል ተሪፉ ቅዱስ ናትናኤል በረኸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣዜብ ተከኤ ወልደናፋኤል፣ ተኸሳሲ የማነ ተፈሪ ኣድሓኖም፣ ናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ፋኒኤል ኤፍሬም ጉብረኪዳን፣ ስም ኣደይ ሂ ሓጎስ ምግል ተሪፉ ሂ ኪዳነ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቤል ኤፍሬም ጉብረኪዳን፣ ስም ኣደይ ሂ ሓጎስ ምግል ተሪፉ ሂ ኪዳነ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በረኸት ነጋሽ ተስፋዝጊ፣ ኣዴና በዩን ወልደየሃንስ ወልደኣብ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጽገዝና ኣሰፋው ጉብረየሃንስ፣ ብዓል ቤተይ ተወልደ ቀለታ ካሕሳይ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣመልካቲ ተኽለ እስቲፋኖስ ኣብዩ፣ ተጻዋዒት 4.1 ሰልየና ተስፋኣለም እስቲፋኖስ ናይ ወሃብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ፣ እንተዘይቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ከሰስቲ 1.ወረ/ሰወእ ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር ዘወልድ 2.ብሩኽ ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ተኸሰስቲ 2.1 ኣላይ ጺጋይ 2.2 መርሃዊ ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር 2.3 ዩናቢ ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ሰምሰም ክፍለጸየን ካሕሳይ፣ ፍ/ኢትዮጵያ ሃብቱ ጉብረክርስቶስ፣ ብዕለት 24/08/2006 ኣብ ረጂስተረር ቤ/ፍ/ዞ/ማእከል ቀሪባ ንኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገዘ ጥኑዳ ጎደና እምባማስቀል ቁ/ገ 1 ዝርከብ ገዛ ዝበደፈትለይ ሰጠ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ታደሰ ስመረ ኣሰፍሃ፣ ብዓልተይ ቤተይ ሰናይት ጺጋይ ወልደትንሳኤ ስለዝዓረፈት፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላ

ሶግራ ኢብራሂም ሓሰን፣ ስም ኣደይ በኺታ ሳልም ምግል ተሪፉ ዓፊት ኢብራሂም ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ፋርቱና በላይ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ኣደይ ሓዳስ ሃብተማርያም በዓታይ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የራኤል የናስ መብራህቱ ምግል ተሪፉ የራኤ የናስ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

እልልታ በረኸት ጎኔጨ ምግል ተሪፉ የርሳሌም በረኸት ጎኔጨ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤትኤል ጉብረሂወት በላይ ምግል ተሪፉ ዊንታ ጉብረሂወት ሰጠይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ት/ዕድመ ፍረሰላም ጉብረ ምግል ተሪፉ ለድያ ጉብረ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሶግራ ብርሃ የውሃንስ ምግል ተሪፉ ሜላት ብርሃ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ መርየም ሐመድ እድሪስ፣ ተጸዋዕቲ

1. እሙና ኣቡበከር መሓመድ ዓብደላ
2. ኣቡበከር መሓመድ ዓብደላ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ መጸዋዕታ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 28/05/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኣየር ኮንዲሽንን ፍሪጅን
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ኣገልግሎት ጽገና

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመተ 2025 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከብ ትካላት ጥዕና ሆስፒታል ባጽዕ፣ ቤት ጽሕፈት ዞባን ንኡስ ዞባ ባጽዕን ንሕሙማት ኣገልግሎት ዝውዕል ጽገና ኮምፒተር ስለ ዘድለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዕን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ዞባን ንኡስ ዞባ ባጽዕን ቤት ጽሕፈት ዞባ ናይ ሆስፒታል ባጽዕ ድማ ካብ ሆስፒታል ባጽዕ ይወስዱ።)

ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ኣገልግሎት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስን ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዮ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም /ሃብታይ ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 /08534307 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ፣ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፣ ሰዓት 8:45 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ ሰዓት 11:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ 6ይ መዓልቲ ይኽፈት። ተጫረትቲ ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ኣብ ዝተረኽበሉ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7 ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ተጫራቲ ኣነ ዝተዓወተሉ ጽገና ብናቱ መጉዓዝያ የመላልስ።
9.ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ሳምሶም ርእሶም ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓደሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤተ መዛክር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ) 3ይ ደርቢ ምጸዋዕ
ቁጽሪ ቴሌፎን 541263

## ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣዝመራ ተኽለ መዝገበ፡ ኣዴና ሂወት ጊላሚካኤል ስመረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ ።

ለምለም ክፍለጼን ካሕሳይ፡ ኣሕዋትና ተኽለሃይማኖት ክፍለጼን ካሕሳይን መንግስትኣብ ክፍለጼን ካሕሳይን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ ።

ኣቶ ዓላ ግርማይ ተስፋማርያም፡ ኣቦና ግርማይ ተስፋማርያም ስብሃቱ ስለዝዓረፈ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ማህለት ወልደኣብ ሃብተሚካኤል ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ ።

ከሳሲ ኣቶ ኣሰፋው ኣውዓለም ወልደየውሃንስ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ ወልደኣብዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘይብኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሊድያ ተወልደ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ በረኸት ደብሳይ በርሀ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ ።

ከሳሲት ሰሊና ግርማይ ኪዳኑ፡ ተኸሳሲ ያፌት ተስፋይ ሰዩም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘይብኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ኣዝመራ ብርሃ ተላ፡ ተጻዋዒ ቢንያም ተኽሉ፡ ናይ ምግዛትት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘይብኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ገነት የውሃንስ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለማርያም ኣርኣያ ተስፋይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰናይት ዘሙይ ወልደሰላሴ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ገብረኪዳን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣፈወርቂ ተኽልኣብ ተኽለጼን፡ ኣዴና ጸገወይኒ ገብረስላሴ ጋርዛ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትብለጽ ስመረ ተድላ፡ ብዓል ቤተይ ማሳፍን ኣብርሃ መብራህቱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ ።

ደሃብ ኣብርሃም ኣሰኻለ ምባል ተሪፉ፡ ሜረስ ኣብርሃም ኣሰኻለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትርሓስ ሓጎስ ኣዴና ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ሓጎስ ኣዳኖ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ደርጋኣለም ገብረኪዳን ሰይፉ፡ ኣቦይ ገብረኪዳን ሰይፉ ተኽለጊዮርጊስን ኣደይ ሂወት ተስፋስላሴ ገብረን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣርሴማ ቀላቲ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ኣልኣዛር ሃብተጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሃደለ ገብረህይወት ዑቕባዝጊ፡ ወለደይ ገብረህይወት ዑቕባዝግን ኣረጋሽ ገብረማርያምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ፍጹም ጊላሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደብርሃን ዑቕባሚካኤል ድጉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘይብኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የሩሳሌም ተስፋይ ገብረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሩታ ተስፋይ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ኣፍረን ሳምሶን ስም ኣደይ ኣበረህት በራኺ ገብረመስቀል ምባል ተሪፉ፡ ኣበረህት በረኸት ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽሉብርሃን ጋዕላይ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ተኽሉብርሃን ጋዕላይ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣወጣሽ ተስፋጋብር፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ሃብተማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ምዕራፍ ገብረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተጼን ዓንደ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ክብሮኣብ ገብረመድህን፡ ወደይ ኖህ ቴድሮስ ስለሙን ስለዝተሰወአ፡ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

መርሃዊት ከሰተ የውሃንስ፡ ኣቦይ ከሰተ የውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

ወ/ሮ ምሕረት ወልዱ ክፍለጼን፡ ብዓል ቤተይ ረዘነ ካሕሳይ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

ኣቶ በየነ ነጋሽ ገብረመድህን፡ ኣዴና ሮማ ገብርሂወት ተስፋልደት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ የናስ ተኽላይ ገብረድንግል፡ ስም ኣደይ ዑቕባ ክፍለማርያም ወልደመንቆርየስ ምባል ተሪፉ፡ ወባ ክፍለማርያም ወልደመንቆርየስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሳሙኤል ፍስሃጽዮን በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክብሮም ፍስሃጽዮን በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ክብሮም ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳዊት ፍስሃጽዮን በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገነት ፍስሃጽዮን በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ገነት ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ተኽሉ ማስገኑ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚከኤል ገብረማርያም በረኸትኣብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

መብራት ሃደለ ጫማር ምባል ተሪፉ፡ መብራት ሃደለ ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ት/ዕድመ ዘርኣማርያም ሰረቐ ፍስሓጼን ምባል ተሪፉ፡ኣሌክሳንደር ሰረቐ ፍስሓጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ኣኽበረት ሃብተምካኤል ገብረመስቀል 2.ክብራ ሃብተምካኤል ገብረመስቀል ምባል ተሪፉ፡1.ሚካል ሃብተምካኤል ገብረመስቀል 2.ሚላት ሃብተምካኤል ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚከኤል ኪዳነ ተኽላይ ምባል ተሪፉ፡ ሚከኤል ኪዳነማርያም ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣረጋይ መልከ ምሕጹን ምባል ተሪፉ፡ ናኦድ መልከ ምሕጹን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰማይኸ ክብረኣብ ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ሰማይኸ ገብረኣብ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ነጋደ ተፈሪ ዑቕባጽዮን፡ ወዲ ኣሞይ ኢንጅ/ማለስ ወልደገርጊስ ዘርኣጽዮን ን10 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ወይኒ ኣርኣያ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኺዳን ኪዳነማርያም ተስፋጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወመ እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዒዳ ማሕሙድ ሐመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰዒዳ ጳድዋ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ከሳሲ ኣቶ ሳምሶም የማነ ስብሃቱ፡ ተኸሳሲት ሳምራዊት የውሃንስ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘይብኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ልቺ ታደሰ ሃብተገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ነጋሲ ሰለሙን ዳኘው ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወመ እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

መቕረት ተኽለሰንበት መብራህቱ፡ ምባል ተሪፉ፡ ዴቦራ ተኽለሰንበት መብራህቱ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ብርሃኑ ኢማም ዓሊ (ወኪል) ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00041878 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ቐይሕ ቁ.ገዛ 43 ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ፎርዶስ መሓመድነጋሽ ኣሕመዲንን ኣቶ መሓመድዓሊ ሰዒድ ኢብራሂምን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 134-7 ቁ.ገዛ 01 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 30/06/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ብርሃኑ ኢማም ዓሊ (ወኪል)
ሕጋዊ ወኪል ኑርያ ኢማም

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 01 ዚፕ ኮድ 6K-1374 ፕሎት 20 ፓርሰል ብመለለዩ ቁ/ንብረት 6BRKRN000612/0 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓት መሬት 60.98 ት/ሜተር ዝኾነ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ናይ ትካል) ካብ ወላዲየይ ኣቶ ሳልሕ ገርሳይ ዓሊ፡ ብምዉት ኣብ 2019 ዓ/ም ዝተዋህበኒ ወህበት መሰረት፡ ብህያብ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዑመር ሳልሕ ገርሳይ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

15 ክፋል

## ዓንኬል ሓሳባት

> “ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ 1440 ደቓይቕ ኣለዋ። መዓልታዊ እወታዊ ጽልዋ ከሕድር 1,440 ዕድላት ኣለና ማለት እዩ።” - ለስ ብራውን
>
> “ሓንሳእ ንኣሉታውያን ሓሳባት ብእወታውያን ሓሳባት ምስ ተኪእካዮም፡ እወታዊ ውጽኢት ከተመዝግብ ትጅምር።” - ዊሊ ነልሰን

እወታዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ኣብ ውልቃዊ ህይወትና ይኹን ኣብ ስራሕና ዘለዎ ዕዙዝ ኣበርክቶ ጉሉሕ እዩ። ዊንስተን ቸርቺል፡ “ዘይትስፉው ሰብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕድል ጸገም ይርኢ። ትስፉው ሰብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸገም ዕድል ይርኢ።” ዝበሎ ዓቢ ቁምነገር እዩ ዘለዎ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ካብ ዝኾነ ይኹን ዘጋጥሞም ጸገም፡ ብዓወት ማሰስ ኢሎም እዮም ዝወጽኡ። እወታዊ ኣእምሮኣዊ ዝንባለ (mindset) ንጸገማትካ ፍታሕ ኣብ ምእላሽ ኣመና ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣብ ፈለማ ዘይሰገር ጸገም ኰይኑ ዝረኣየካ ዝነበረ፡ ናይ ብሉጽ ክሳብ ክንድኡ ከቢድ ከም ዘይኮነ ኣብ ምንጻር እውን ሓጋዚ እዩ።

ኣወታውያን ሓሳባት ንጥዑነ ኣእምሮኻ ጥራይ ኣይኮኑን ዝጸልዉዎ። ንጥዕናኻ እውን በዚ ኢሎም በቲ ደጺልወዎ እዮም። ተመራመርቲ ኣብ እዚ መዳይ ኣብ ዝገበርዎ ዓሚቝ መጽናዕቲ፡ “እቶም እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ካብ እቶም ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ብሓደ ሰሶ ዝወሓደ መጥቃዕቲ ልቢ ወይ ዝኾነ ዓይነት ሕማም ልቢ የጋጥሞም። እዚ ዋላ ኑዮም ኣብ ስድራ ቤቶም ታሪኽ ሕማም ልቢ ዘጋጥሞም ዘጠቓልል እዩ።” ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሖም።

ጸቢቕ ዕድል ኰይኑ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኩሉ ሰብ ክምህሮ ዝኽእል ክእለት ምኻኑ እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ብዙሕ ረብሓ ዝርከቦ እንተ ኰይኑ፡ ኩሉ ሰብ ክምህሮ ዝኽእል ከኣ እንተ ኰይኑ፡ ስለምንታይ ደኣልና ገሌና ከነማዕብሎ ዘይንግደስ ዘለና?

ቅድሚ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብል ምብጋስካ፡ ኑዮም ዘለዉኻ ኣሉታውያን ኣተሓሳስባታት ብዘየገድስ ከተለልዮም ይግባእ። ኣብ ፈለማ ንኣሉታውያን ሓሳባትካ ብዘየገድስ ኣይተስተብህሎምን ኢኻ፡ ንመዓልታት ዝኣክል ንርእሱ ዘርርብካ (self-talk) ከተቕልበሉ ፈትን። ሽዑ ሓሳባትካ ክሳብ ክንደይ ዘይትስፉዋት ምኻኖም ክድንጽወካ ይኽእል እዩ።

ቅድም ቀዳድም፡ ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዘለካ ንገዛእ ርእስኻ ኣይትንቀፋ። ኣሉታዊ ሓሳባት ክቀላቐለካ እንከሎ፡ “ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ንዓይ ኣየዋጽኣንን እዩ።” ብምባል ምስ ገዛእ ርእስኻ ተዘራረብ።

ኑቲ ዝተቐላቐለካ ኣሉታዊ ሓሳብ ብእወታዊ ሓሳብ እትልውጦ ሜላ ፍጠር። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ካፌ ምስ ዓርክኻ ተቛጺርካ እሞ ንበሉ። ዓርክኻ ኣብ ልክዕ ሰዓቱ ኣይመጽኣካን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣሉታዊ ሓሳብ ናብ ኣእምሮኻ ህሩግ ክብለካ ይኽእል እዩ። ኣሉታዊ ሓሳብ ከኣ ናብ ኣሉታዊ ተግባር እዩ ዝመርሓካ።

ክንዲ ዝኾነ፡ ኑቲ ኣሉታዊ ሓሳብካ ቀልጢፍካ ብእወታዊ ሓሳብ ተክኣዮ። ወዮ ዓርክኻ ኣብ ቈጸራ ስለ ዘደንጎየካ ከም ጸቡቕ ዕድል ወሲድካ ጋዜጣ ወይ መጽሓፍ ከተንብብ እኳ ትኽእል ኢኻ።

“ኣነ ኣብ ምኽሻን መግቢ ዘይወጽኣለይ ሕማቕ ሰብ እየ።” እናበልካ ንገዛእ ርእስኻ ብቐጻሊ ኣይትብሎ ኣይትስሎ ኣይትግበሮ። “ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ኣብ ምኽሻን መግቢ ዝምሰገን ለውጢ ኣመዝጊበ ኣለኹ።” እናበልካ ደኣ ንገዛእ ርእስኻ ኣተባብዓያ።

ኣመስጋኒ ምኳን እውን ፍቱን መድሃኒት እዩ። ኑዮም ኣብ ህይወትካ ዘጋጥሙኻ ጸቡቓት ነገራት ኣፍልጦ ክትህቦም ጸቢቕ እዩ። ከምዚ ዓይነት ልምዲ ምጥራይ፡ ንኣእምሮኻ እወታዊ ኣቋውማ ከም ዝህልዎ እዩ ዝገብሮ።

ምምስጋን ልምምድ ይሓትት እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ከተመስግኖም ዘለካ ሰለስተ ጉዳያት ብቓል ደጋግሞም። ካብ ብቓል ብጽሑፍ ዝሰልጠካ እንተ ኰይኑ እውን ኣብ ዕለታዊ ደብተርካ ብዝርዝር ኣስፍሮም። ከተመስግኖ እንከለኻ ዝያዳ ሕጉስ ኢኻ እትኸውን።




እቲ እተመስግኖሉ ጉዳይ ዝያዳ ንጹር ምስ ዝኸውን፡ ኑቲ ልምዲ ምምስጋን ከተማዕብሎ ዝበለጸ ይኸውን። ምናልባት ሎሚ ደስ እተብለካ ጃኬት ስለ ዝገዛእካ፡ ወላዲካ ኣብ ፈተና ጸቡቕ ነጥቢ ስለ ዘምጽኦ፡ ኣዴኻ ካብ እቲ ተዓቒብናሉ ዝነበረ ሆስፒታል ሓውየን ንገዛኹም ብሰላም ስለ ዝተመልሳ፡ ከተመስግን ትኽእል ኢኻ።

ጸባሕ ድማ፡ ሕያዋይ ናይ ቀረባ ሓላፊ ስለ ዝረኸብካ፡ ጸቡቕ ምሳሕ ስለ ዝተመገብካ፡ ካብ ልቢ እትፈትዎ ዓርክኻ ካብ ስደት ስለ ዝተመልሰ ከተመስግን ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ህይወትካ ቀጻሊ ብዘየቋርጽ ብዝኸኣሰን ዝረኸብኮዮ ተመስገን እንተ ኢልካ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ዝነበረ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ቦታኡ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ እናተመንጠለ እዩ ዝመጽእ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብል እንተ ደሊኻ፡ ንገዛእ ርእስኻ ሕያዋይ ኩን። ዝርዝር ናይ እቶም ክትሰርሖም እንክለኻ ባህታ ዝፈጥሩልካ ሓሙሽተ ነገራት ኣብ ወረቐት ኣስፍር። ከምዚ ክትገብር ምስ ጀመርካ፡ ኣቓዲምካ ኑዮም እትፈትዎም ነገራት መበዝሕትኡ ግዜ ክትሰርሖ ከም ዘይጸናሕካ ክዝክረካ ይኽእል እዩ። እቶም ባህታ ዝፈጥሩልካ ነገራት ቅድሚ ናብ ስራሕ ምውፋርካ ሓጺር እግሪ ጉዕዞ ምግባር፡ ኣብሽኻ ምሕጻብ ወይ መጽሓፍ ምንባብ ... ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዝያዳ ሕጉስ ክትከውን እንተለኻ፡ ዝያዳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዘለካ ኢኻ እትግዝእ።

## እወታዊ ኣተሓሳስባ

እወታዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብል ካብ ልቦኻ እንተ ኣንቂድካ፡ ንኻልኦት ሰባት ገለ ጸቡቕ ነገር ግበረሎም። እናሓንሳእ ካብ ንገዛእ ርእስኻ ንላዕሊ፡ ንኻልኦት ሰባት ገለ ጸቡቕ ምግባር ዝያዳ ኣጉዳሲ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ።

ንጸገማት ሰባት ምሕጋዝ ፍሉይ ሩፍታ እዩ ዝፈጥረልካ። ንናይ መጻኢ ግዜ ተኻእሎ ዝኾኑ ህጹጽ ብዝኾነ መዳይ ምትብባዕ ንኣእምሮኻ ልዕሊ ዝኾነ እዋን እዩ ዘቐስኖ። ናብ እትፈትዎ ዓርክኻ ደዊልካ ወይ ብጽሑፍ መልእኽቲ ብምስዳድ፡ ኣብ ህይወትካ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ምግላጽ ንዕኡ ዝያዳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝሰርጾ ከም ዝገብር ኣይትዘንግዕ።

ንዝኾነ ሰብ ጸቡቕ ከም ዝሰምዖ ክትገብሮ እንከለኻ፡ ንዕኡ እውን ዝያዳ ጸቡቕ ስምዒት እዩ ዘሕድረልካ። ነፍሲ ወከፍ ንሽኻ እትወስዶ እወታዊ ስጉምቲ፡ ኣብ ዓለምና ገለ እወታዊ ስምዒት ከም ዝፈጥር ክስቁረካ ይግባእ።

ኣብ ምምዕባል እወታዊ ኣተሓሳስባ ግደ ዋዛ ወይ ሰሓቕ ኣቓለልካ ዝርኣ ኣይኮነን። ኣብ እዛ ዓለም ኣሉታውነት ከሸንፈካ ቀሊል እዩ። እዚ ኣሉታውነት እዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክትጸንዮ ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪ እዚ፡ ናብ ሰሓቕን ባህታን ክትሰግር ከቶ ኣይእግመካን እዩ።

እቲ ቐንዲ ነገር እኳ ኣተሓሳስባ እዩ። ምስ እቶም ብዋዝኦም ዘስሕቑኻ ዓርኩ መሓዙትካ ወኻዕዕ ምንእቲ ክትብሎ ገለ ካብ እቲ ክቡር ግዜኻ መድብ። ማስሓቕት ዝኾኑ ፊልምታት ምርኣይ ጸቡቕ እዩ። ኣብ ናይ መድረኽ ድራማ እውን ኮሚድያዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ድራማታት ምዕዛብ ከም ጸቡቕ ኣማራጺ ክንወስዶ ይግባእ።

ብዘተፈላለዩ ኣገባባት ንገዛእ ርእስኻ ከተስሕቃ ትኽእል ኢኻ። ዋላ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዘጋጠመካ ማስሓቒን ነገር እናዘከርካ፡ ሎሚ ክርትም ኢልካ ክትስሕቕ ትኽእል ኢኻ። በዚ ኸኣ፡ ኩነታት ኣእምሮኻ ተማሓይሹ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብል ትኽእል ምኻንካ ክጠፍኣካ ኣይግባእን።

እቲ ቐንዲ ቁምነገር እምበኣር፡ ንትርጉም እወታዊ ኣተሓሳስባ ብዘየገድስ ተረዲእካ፡ ብኸመይ ኣብ ረብሓኻ ተውዕሎ እዩ። ገለ ምሁራት ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ከም እወታዊ ተገንዝቦ እዮም ዝሓስብዎ።

እዚ ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ካብ ስምዒታት፡ ባህርያት ከምኡ እውን ናይ ነዊሕ ውጥን ውጽኢት ከም ጸቡቕ ህላወ ወይ ቅሳነት ይፈልዮ።

ብዙሓት ሊቃውንቲ ንእወታዊ ኣተሓሳስባ በበወገኖም ዝተፈላለየ ትርጉም እዮም ዝህብዎ። ገለ ሊቃውንቲ፡ “ዕግበት ህይወት፡ ርእሰክብሪ ከምኡ እውን ትስፉውነት ኣብ ሓደ ሰብ እንተ ርኢኹም፡ እቲ ሰብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዘለዎ ክትግምትዎ ትኽእሉ ኢኹም።” በሃልቲ እዮም።

ብርግጽ እዞም ኣምራት እወታዊ ኣተሓሳስባ ክድርኹ ይኽእሉ እዮም። በቲ ኻልእ ከኣ ኣፍልጦ ክርኣዩ እውን ይኽእሉ እዮም። እወ እዞም ኣምራት ንዕኡ ውጽኢት እወታዊ ኣተሓሳስባ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ቤኸትን ዛወስዜወስክን እተባህሉ ሊቃውንቲ ብወገኖም፡ ኣብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ቀንዲ ክእለታት ዝኾኑ ዝርዝራት ሰሪዖም ኣለው። ንሳቶም ከኣ፡

* ንኣሉታውያን ሓሳባት ናብ እወታውያን ሓሳባት ምልዋጥ።

* ንእወታዊ ሸነኽ እቲ ኩነታት ኣጉሊሕካ ምውጻእ።

* ዘይትስፉዋት ሓሳባት ክቀላቐሉኻ እንከለው፡ ብዋላ ምዝናይ ተጠቒምካ ከም ዝኸለፉ ምግባር።

* ንኣገዳሲነት ልምምድ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣገዳሲ እዮም እትብሎም ነጥብታት ኣብ ደብተርካ ምስፋር።

* ንሓደ ዓቢ ጸገም ክሳብ ምቅጽጻሩ ዝጥዕመካ ናብ ንደቓቕቲ ጸገማት ብኸመይ ክትመቃቐሎ ከም ዘለካ ምፍላጥ።

* ንኣሉታውያን ሓሳባት እትብድሃሉም መንገድታት ምጥጣሕ።

* ንኣሉታውያን ሓሳባት ብምቁጽጻር፡ እወታውያን ስምዒታት ምድንፋዕ።

ቅድም ቀዳድም እወታዊ ኣተሓሳስባ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ንጸቡቕ ህላወኻ ኣገዳሲ ምኻኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ሰባት ኣብ ክእለቶም ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክህልዎም እንተለዉ፡ ናይ ምዕዋት ተኽእሎኦም ኣመና ልዑል እዩ ዝኸውን።

ንገዛእ ርእስኻ ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ምርኣይ ካብ ጸቕጢ ከም ዘድሕነካ ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት ኣረጋጊጾምዎ ኣለው። እዚ መርትዖ ምስ እቶም ኣብ ርእሰክብርን ርእሰተኣማንነትን ዘተኰሩ መጽናዕትታት ዝመሳሰል እዩ።

ካልኣይ፡ ትስፉዋት ሓሳባት ብሓፈሻ ኣብ መዳይ ጸቡቕ ህላወ ኣገዳሲ ምኻኖም እዮም ዝሕሰቡ። ትስፉዋት ሓሳባት ንሰባት ዝሓሸ ስምዒት ከም ዝህልዎም፡ ዝያዳ እወታዊ ማሕበራዊ ዝምድና ከም ዝህልዎም ከምኡ እውን ብዙሓት ዘጋጥሞም ጸቕጢ ከም ዝነጥሙ ይገብርዎም።

ሳልሳይ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ወይ እወታዊ እምነት ኣብ መዳይ ምቁጽጻር ኩነታትካ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣብ እዋን ጸቕጢ ዝመልእ ኩነታት ንገዛእ ርእስኻ ክትቋጻጸር ከም እትኽእል ምእማን ንብዕሉ፡ ነቲ ዝገጠመካ ጸቕጢ ብዝበለጸ ኣብ ምጥጣም ዝያዳ ሓጋዚ እዩ።

> “ገለ እወታዊ ነገር ተዛረብ እሞ፡ ገለ እወታዊ ንገር ክትርኢ ኢኻ።” - ጃም ቶምፕሰን
>
> “ተስፋ ምቕራጽ ናብ ድኽመት፡ ትስፋውነት ናብ ሓይሊ ይመርሕ።” - ዊልያም ጀምስ

ይቕጽል



### ሎሚ ኣብ ERI -TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ቀላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክኢንላይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ቴራብ |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:50 | መደብ ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ከቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊንቅል |

# ዛዕባ ሎሚ

## ሃንቀሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ ኣለጎሪ

(4ይ ክፋል)

ሱልጣን መሓመድኑር

በዓቲ ኣለጎሪ (በዓቲ ፕላቶ እናተባህለ እውን ይጽዋዕ)፡ ናይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ፕላቶ ፍልስፍናዊ ኣምር እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ኣብ ማእከሉ መጋርያ ሓዊ ዝተተኽሎ በዓቲ ዝኣሰሩ፡ ብሰይ ኣእምሮ መቐሕ ዝተቐየዱ እሱራት፡ ኪኖ እቲ ኣብ መንደቕ ብጽብራቕ ናይቲ መጋርያ ዝተፈጥረ ደነ ምስሊ (ጽላሎት) ካልእ ክርእዩም ዘኽእል ነገር ስለዘየልቦ፡ ደነ ምስሊ (ጽላሎት) እቲ እንኮ ሓቀኛ ነገር ኮይኑ ከምዝሰምዖም ዝገልጽ ዛንታ ድማ እዩ። ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ ንዋንነት ባሕሪ ብዝምልከት ብቐጻሊ ዘልዕልዎ ፋንታዚያዊ ዛዕባ ድማ ምስዚ ናይ በዓቲ ኣለጎሪ ዛንታ ዝመሳሰል እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ በዚ ተምሳሊትዚ ዝጀመረ ጽሑፍ ኣብ ኢትዮጵያውያን ሃንቃሃንቃ ባሕሪ ዝፈጠረ ውዲት ዋናታቱ ኣመራጽውያን ምኳኖም፡ ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ድማ እታ ኣመራጺ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ መልሕቓ ክተክሉን ዝሓረየታ ሃገር ኢትዮጵያ ኣፍሪቃ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ተባሂሉ ዝተገብረ ዓለማዊ ውዲት ምዃኑ ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

### ማሰል ርእሱውሳ ንናጽነቱዶ ምንጻል፤




ማሰል ርእሱውሳ ከም ኣምር ኩናትን ካብ ግዜ ጥንታዊት ግሪኽን ሮማን ዝጀመረ እዩ። ኣብ እዋን ሰውራ ፈረንሳ ድማ ብዝያዳ መልክዑ ከም ፖለቲካዊ መሰላት መንግስትነትን ልኡላውነትን ኣህዛብ ኮይኑ ዝተኣወጀ ፖለቲካዊ መሰል'ዩ። እዚ ማሰልዚ፡ ብዝያዳ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንጹር ኣድማዒ ትርጉም ክሕዝ ክኢሉ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ኩሎም ኣብ ትሕቲ መግዛእታዊ ዕብለላ ዝነበሩ ህዝብታት ድሕሪ ምብቃዕ ካልኣይ ኩናት ዓለምን ምምስራት ሕቡራት ሃገራትን፡ በዚ ማሰልዚ ናጽነቶም ክረኽቡ በቒዖም። ማሰል ርእሱ ውሳ፡ ኣብ ትሕቲ-መግዛእቲ ዝጸንሑ ኣህዛብ መጻኢ ዕድሎም ባዕሎም ክወስኑ ዘፍቅድ ዘይግሃስ ማሰል ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ሰልጡን መትከላት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እዩ።



እዚ ማሰልዚ፡ ሓደ ህዝቢ ናጻ ሃገር (ፖለቲካዊ ናጽነት) ክቐውም፡ ናብ ካልእ መንግስቲ ክጽንበር (ሕቡረት) ወይ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር ርእሱምሕደራ (ባህላዊ ናጽነት) ክህልዎ ዝብሉ ኣምራት ዘጠቓልል እዩ። ብኣንጻሩ ምንጻል (ምግንጻል) ዝብል ቃል፡ ካብ ሓደ ከም ጥሙር ግዝኣት ክፍለጥ ዝጸንሐ ሃገር (ሓደ ፖለቲካዊ ኣሃዱ) ምፍንጻል ማለት እዩ። ሓደ ክፋል ናይታ ሃገር ካብቲ ዝዓበየ ግዝኣት ምፍላይ ማለት ድማ እዩ።

እዚ ሕጋዊ ትርጉማትዚ፡ ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝጸደቑን ዝተደንገገን ኣገባብ፡ ኽውንነት ሃገራት ብዝገልጽ መገዲ ሰፊሩ ንረኽቦ። ብምስራት እዚ ቻርተርዚ፡ እቲ ማሰል ርእሱውሳ ዝብል ኣምር፡ ኣህዛብ ብሕጊ ይኹን ብፖለቲካዊ መዳይ ዕድሎም ባዕሎም ክወስኑ ምሉእ ዕድል ዝህቦም እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ሃገራት ኣፍሪቃ በዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ ቻርተር ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ዝላቐቓሉ ዝነበሩ መፋርቕ 20 ክፍለዘመን፡ ክገኖጸፍ ዝነበሮ ሓርነት ዝተነፍገ ህዝቢ እዩ። ብዚይ ድሌቱ፡ ብውሳነ ፈደረሽን ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ሃጼያዊት ኢትዮጵያ ብምውዳቑ ድማ፡ ኑቲ ዝተደናገየ ምውጋድ መግዛእትን ናይ ናጽነት ባህጉን ብውዲት ርእሰ ሓያላን ዝተመንዘዐ ማሰል ርእሱውሳኡን ንምምላስ ናይ ናጽነት ቃልሲ ክካይድ ግድነት ኮይኑዎ።

ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዝደልደለ መድረኽ፡ ምስ ምዝዛም ዝሑል ኩናት ኣብ ዝተፈጥረ ሓድሽ ፖለቲካዊ ሰናርዮታት፡ ሓያስቲ ናይ ምንጻል ምንቅስቓሳት ክፍጠሩ ክኢሎም እዮም። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ዝተፈላለዩ ልሂቃን ምዕራብን ኢትዮጵያን፡ ጂኦስትራተጂያዊ ረብሓታቶም ከውሕሱ፡ ኑቲ ቃልሲ ከም ናይ ተጻልቲ ምንቅስቓስ ክፋልጥዎ ኣብ ዘቖደዎ ዝበሩ ዘመን፡ ጉዳይ ኤርትራ ሕቶ ማሰል ርእሱውሳ ዘይኮነ ሕቶ ምንጻል ምዃኑ ከእምኑ ብዙሕ ሰሪሖምሉ እዮም። ክሳዕ ሎሚ'ውን ነዚ ግጉይ ምጉትዚ ከእምኑ ዝጽዕሩ ኣይተሳእኑን። መንግስቲ ሃይለማርያም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ምርኢትን ኣኼባታትን መደረ ከስምዕ እንከሎ "ገንጣይ ወንበዴ ይደመሰሳሉ" ማለት "ተገንጸልቲ ሽፋቱ ክድምሰሱ'ዮም" ዝብል ጭርሖን ህንጹት ትረኻን ዝሓዘለ መልእኽትታት የመሓላልፍ ነበረ። ከም ወጽኢቱ ድማ ጉዳይ ኤርትራ ሕቶ ማሰል ርእሱውሳ ዘይኮነ፡ ናይ ምንጻል ምንቅስቓስ ምዃኑ ኣብ ሓብራዊ ዝኽሪ ኢትዮጵያውያን ብግጉይ መልክዕ ተሰኪፉ። ወለዶታት ድማ ነዚ ግጉይ ዝኽሪ ክወርሱ ተፈሪዶም።

ክሳዕ እቲ ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ብኤውሮጳውያን ሓይልታት ዝተፈጸመ ማሽርሕ ምምቕቓል ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ዝነበረ ዘመናት፡ ህዝቢ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ንዊሕ እዋን ንጹር ጂኦግራፍያዊ ሽፈነ ዘበሮ፡ ብባሕሪ ነክስታትን ካልኦት ሸማግሌትን ዝመሓደር፡ በበሸባቢኡ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕግታት እንተዋጻን ስርዓትን ዝነበሮ እዩ። እዚ ድማ ከም ሓደ ፍሉይ ፖለቲካዊ ኣሃዱ ክቐጽር ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ ከኣ እዩ መንግስቲ ኢጣልያ ንኽውንነት ኤርትራን ህዝባን ምስ ተመልከተ፡ ኑቲ ዝጸንሐ ሕግታትን ስርዓትን ከም ዘለዎ ክቕጽል፡ እቲ ህዝቢ ድማ ባህሉ ዓቒቡ ከም ዝሰይድ ዝገበረ። እቲ ቀዳማይ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበረ ተኸታታሊ ባዕዳዊ መግዛእትታት እውን ኑቲ ድሒሩ ዝመጽአ ፖለቲካዊ መንነትን ምውሳእን መሰረት ኮይኑዎ'ዩ። ቱርካውያን፡ ግብጻውያን ኣቐዲሞም ንኤርትራ ዝገዝኡ ባዕዳውያን እዮም። ብድሕሪኦም ኢጣልያ ንኤርትራ ከም ዘመናዊት ሃገር ኣቖማታ። እንግሊዛውያን ከምኡ'ውን ኢትዮጵያውያን ድማ ንኢጣልያ ሰዒቦም ንኤርትራ ዝገዝኡ እዮም።

ህልዊ ጂኦግራፍያዊ ቅርጺ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብቲ ብዘመናዊ መዋእል ዝጥቀስ መድረኽ ምምቕቓል ሃገራት ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ሓይልታት ናይ መውዳእታ መልክዑ ዝሓዘ እዩ። ከም ኣካል ናይዚ ምሽምሽዚ፡ ኤርትራ ኣብ 1890 ኣብ ትሕቲ መግዛእታዊ ምሕደራ ኢጣልያ ወደቐት። ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢጣልያ ዘሰምዕዎ ዝነበሩ ቀጻሊ ተቓውሞታትን ዘካይድዎ ዝነበሩ ቃልስን ድማ፡ ኣብ ኩለን ብሄራት ኤርትራ ስምር ስሚዒት ኤርትራዊ ሃገራውነት ክምዕብል ደሪኹ። ከም ወጽኢቱ ኤርትራውነት፡ ከም ሓደ ስሙር ፖለቲካውን ማሕበራውን ኣቃውማ ዘለዎ ፖለቲካዊ ኣካል ተጠርኒፉ። ከምቲ ዳርጋ ኣብ ዝበዝሓ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኤውሮጳውያን ሓይልታት ዝወደቓ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተራእየ ቅዲ ፖለቲካዊ ምዕባለ ድማ፡ ኤርትራውያን'ውን ንናጽነት ክቃለሱ ሰረት ዝኾኖም መግዛእታዊ ኩነት ንንቕሓቶም ኣዕሪጉዎ እዩ። ስለዚ ኤርትራ ፍሉይ መንነትን መጻኢ ዕድላ ናይ ምውሳን መሰልን ዝነበራ ግዝኣቲ ሃገር ስለዝኾነት፡ ቃልሲ ኤርትራውያን ንናጽነት ብቐንዱ ናይ ርእሱውሳ ጉዳይ እዩ።



ኣህጉራዊ ሕጋዊ ትርጉማትን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ምርኩስ ብምግባር፡ ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራት "ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ውሑዳት ጉጅለ ዘይኮኑስ ናይ ገዛእ ርእሶም ታሪኽ፡ ባህልን ባህግን ርእሰ ምሕደራ ዘለዎም ፍሉያት ህዝቢ እዮም" ክብሉ ይገልጹ። ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ብፍላይ ኣብ መግዛእታዊ ኩነታት ማሰል ናጽነት ሓዊሱ ህዝብታት ዘለዎም ማሰል ርእሱውሳ ኣፍልጦ ይህብ እዩ። በዚ መሰረት ከኣ መግለጺ እቲ ውድብ፡ "ኤርትራ ክሳዕ መወዳእታ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ነይራ። ድሕሪኡ ድማ ብውሳነ እቲ ውድብ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ተቖሪናን። ድሕሪ ነዊሕን ከበድን ቃልሲ ድማ ናጽነታ ረኺባ፡ ኑቲ ብሓይሊ ብረት ዝተረኽበ ናጽነት፡ ወግዓውነት ንምልባስ ኣብ ዝተኻየደ ረፈረንዱም ድማ ህዝቢ ኤርትራ ብዓብላሊ ድምጺ ንናጽነት ኤርትራ ደጊፉ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ኑቲ ውሳነ ተቐቢሉዎን ኣጽዲቑዎን፡ ንኤርትራ ድማ ከም ልኡላዊት ሃገር ኣፍልጦ ሂቡዋ" ክብል ይውስኽ።



ኣብዚ ኩሉ ክርድኦን ክፈልጦን ዘለዎ ሓደ ንጹር ሓቂ ኣሎ። እቲ ኤርትራውያን ማሰል ርእሱውሳኦም ንምምላስ ዘበሰዎ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንናጽነት፡ ሓያል ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምድራዕ ኤርትራዊ ሃገራውነት ሓጊዙ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣቐዲሙ ዝተሰረተ ኤርትራዊ ሃገራውነት'ውን ብጉዲኡ ድርኺት ናይቲ ዕጥቃዊ ቃልስን ተቓውሞ ንመግዛእትን ኮይኑ እዩ። እቲ ጽኑዕ ሓይሊ ኒሕ ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ እቶም ባእታታት ቃልሲ (ተጋደልቲ) ኣብ እዋን ሰውራ ዘይተለምደ ባህሪ ኣስሪጹ፡ ኑቲ ኣዝዩ ከበድን ዘይሰገር ዝመስል ዝነበረን መድረኽ ብሓይልን ጽንዓትን ክሓልፉን ናብ ዓወት ክበጽሑን ኣኽኢሉ። እቲ ሓይልን ጽንዓትን ኑቲ ኣብ ጸወጻዋይ ዝተሰረተ ታሪኻዊ ልዕልና ኢትዮጵያ ምስናይ ብኹሉ ወገን ዝተረኽበ ጊዜፍ ወተሃደራዊ ሓገዝን ልዕልና ብዘለሒ ተዋጋኢ ሰራዊትን ብዶ ኣርቢሑ እዩ ናጽነቱ ክጭብጦ ዝኸኣለ። እዚ ድማ ፍሉይነት ናይቲ መንነት ብመንጸር እቲ ከስፋሕፍሕ ዝወፈረ መንነት ምስ ዝጸጸር ዝራኸብ ወይ'ውን ሓደ ዝኑበር ረቛሒ ዘይብሉን ምዃኑ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ'ዩ ኤርትራዊ ሃገርነት ዘልዓሎ ሕቶ፡ ናይ ርእሱውሳ ጉዳይ ዝኾነ።

ይቕጽል . . .

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ሰኑይ 27 ሓምለ 2024

04:30 ድ.ቐ. - ኣስመራ

ዳየረይ፡ ከመይ ቀኒኽለይ? ኣበይ'ያ ትሸረበኒ ዘላ ዶ ትብሊ ኣለኺ? ኣጆኺ፡ ኣሻርየ ኣይኮንኩን። ትምህርቲ እንድየ ጀሚረልኪ. ቀንየ፣ ብዙሕ ዝዕለል እዩ'ውን ክህልወና። ካብቲ ናይ ቀድሚ ሕጂ መለሳ ዘሎዎ ድማ እዩ። ተዳለዊ፣ ድሕሪ ቍሩብ ግዜ ለውጢ ገይረዶ ኣይገበርኩን ክትምስክሪ ኢኺ። ዝመሃሮ ዘለኹ ትምህርቲ፡ ብዛዕባ “ስነ-ጽሑፍን ንኑብሰኻ ምምዕባልን” ዘተኩረ እዩ ዘሎ። ጽሑፋትካ ንዓኻ ከም ዝመስል፡ ውጽኢት ኣተሓሳስባኻ ዝሓዘለ ጽሑፋትካ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣንባባይ ዝፈጥሮ ጽልዋን ተማሂርና። ግናይ ስምዒት ተጐልቢብካ ከሎ፡ ንኣንባቢ ዝኸውን ክትጽሕፍ ከም ዘይብልካ እዩ እቲ ቀዳምነገሩ። ነዚ ስምዒት እዚ ብኸመይ ከም እተወግዶ ዝሕብር ትሕዝቶ ድማ እቲ ዝዓብየ ክፋሉ እዩ ዘሎ።

ካብቲ ትምህርቲ፡ “ጸሓፋይ፡ ብርዑ ኣብ ሕብረተሰብ ጥዕና ዘሎዎ ጽልዋ ክትገብር እንተ ኴንና፡ ቀድም ንሱ እቲ ጸሓፋይ ጥዕና ክህሉዎ ኣሎዎ፡” ዝብል ስነ ሓሳብ ክንከሰብ ክኢልና። ጥዕና ዝጸልእ የለን'ሞ ኣነ ከኣ ሰዓብኩዎ ደኣ። ጸሓፋይ ዝዓጠቓ ብርዒ፡ ሓይላ ማዕረ ክንደይ ምኳኑ ከኣ ካባይ ምንጋር ኣይትጸበዩ። ህያው ኣብነት ንስኺ እነህለኽኒ። ክንደይ ግዜ ድየ ብቓንዛይ ኣቐንዝየኪ፡ ብሓጐሰይ ኣደሲተኪ ዘለኹ። ኣይረሳዕክዮን ምሽ? ነዚ እንተ ረሲዕኪ መቸም፡ “ሞት ትረስዕኪ፡” ጥራይ እየ ክብለኪ።

# እንቋዕ እባ....



ብመገዲ ስነ ጽሑፍ ኣቢለ ገለ ካብቲ ጽዕነተይ ከራግፍ ዘይፍትን ኣይኮንኩን። ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ሓሳባት፡ ብመልክዕ ጽሑፍ ኣቢለ ብምስፋር፡ ስምዒተይ ዝገልጸሉን ዘንፍሰሉን እዋናት ውሑድ ኣይኮነን። ኣብኡ ድማ ሽቑ ዘብል፡ ቅንጥው ዘብል፡ ፍሽኽ ዘብል ሓሳባት ኣሎ። ካብ ጽሑፋተይ ይመሃር፡ ይዘናጋዕ፡ ይእረምን ይተባባዕን እየ። ከም መስትያት ክጥቀመሉም ንዝደሊ ሰብ ከኣ የካፍል። ስለ ዝኾነ እዩ ከኣ ጽሑፋተይ፡ በቲ እወታዊ መገዲ ጸላዊ ንኽኸውን እዛ ትምህርቲ ኣዝያ ዘገደሰትኒ።

“ኣብ ስነ-ጥበብ እንተ'ለኻ፡ ተዓዛቢ ክትከውን ኣለካ። መርኣዩትካ ድማ ካብ ናይ ካልእ ሰብ ዝተፈልየት ክትከውን ኣለዋ፡” ይብል ነይሩ ናይ ስነ-ጽሑፍ መምህርና። ጽቡቕ ገይራ ትርደኣኒ እኳ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ ዳየረይ። ዕምቈታ ግን ኣብዛ “ኑብሰኻ ምምዕባል” ትብል ትምህርቲ ምስ ተመሃርኩ እዩ ዝያዳ ተረዲኡኒ። “እንኽተሎ ልምድታት፡ ንመጻኢና ይውስነልና እዩ፡” እትብል ኣብ ገለ ዝረኣኹዋ ጽሕፍቲ ድማ ኣላ። ነዚኣ ክዝክር ዝኽኣልኩ፡ ዕምቈት እቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ክስወጠኒ ምስ ጀመረ እዩ። ሓቂ ንምዝራብ፡ ንድሕሪት ዝጐተኒ ልምድታት ኣሎኒ። ሳንዲተይ ሽኮር፡ እዚ ካባኺ ዝተኸወለ ኣይኮነን። ዋላ'ኳ ንኸወግዶ ድሌት እንተ ሃለወኒ፡ ሰኣን ቅልጡፍ ተበግሶ ምውሳድ ግን ክሳብ ሎሚ ተሰኪመዮ ክጓዓዝ ጸኒሐ። ግደ ሓቂ፡ ንገለኡስ ኣረ ከመይ ገይረ ከም ዘወግዶ'ኳ ኣይፈልጥን'የ ነይረ። ስለ ዝኾነ'ዩ ከኣ መስለኒ ድሌታተይ፡ ‘ድሌት’ ጥራይ ካብ ምኳን ሓሊፉ ለውጢ ንኸምጽእ ሓይሊ ዘይነበሮ።

ሳንዲተይ፡ “እዚ ኵሉ እናጸዓርኩ፡ ንምንታይ ከምዚ የጋጥመኒ? ንምንታይ ሽግራት ኣብ ርእሲ ርእሲ ይደራረቡኒ?...” ኢለ ዘንጸርጸርኩሉ እዋናት ብዙሕ እዩ። ክንዲ'ዚ ጽዕነተይ ሒዘ'የ ኣብቲ ክፍሊ ኮፍ ኢለ። ዓለም ዘይፍትሓዊት ምኳናን ህይወት ገደል ከም ዝኾነትን እናተንተንኩ ኣሰሚዐ። ሓደራኺ ሳንዲተይ፡ “ንመን ኣሰሚዕኪ?” ኢልኪ ኣይትሕተትኒ። ኣብቲ ሽዑ እዋን ንመን ዘይነገርኩ። ጭሩ እያ ተሪፋትኒ። ዘይሰምዐ እንተ ተረኺቡ ግን “ዕድለኛ'ዩ” ጥራይ እየ ክብል ዝኽእል። ኣምላኽ ኣውጺኡዎ ኣሎ። ከምዚ ዝበለ መረረ ብዘይ ምስምዑ የመስግን። ኣነ'ውን ኣብቲ ደረጃ'ቲ ወዲቐ ከለኹ ዘይረኣየኒ ሰብ ብምርካበይ፡ ንኑብሰይ ከም ዕድለኛ'የ ክሓስባ።

“Smile is curve, but it makes everything straight!” ትብል ናይ ማዘር ተሬዛ ጥቕሲ ምስጢራ ሎሚ'ዩ ግልጽልጽ ኢሉ በሪሁለይ። ነዚ ብርሃን'ዚ ንዘብርሃለይ መምህረይ ድማ “ብርሃኑ የብዝሓዮ!” ዝብል ምስጋናይ ይብጻሓዮ። ፍሽኽ ክብል ምስ ጀመርኩ እነህለት ዓለም ድማ ፍሽኽ ክትብለኒ ጀሚራ። እቲ ምስጢር ካልእ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ “ክኽእሎ'የ! ንኹሉ ክብድህ ዝኽእል ሓያል ሰብ'የ!” ኢልካ ሞራልካ ሓፍ ምባል ጥራይ እዩ። ነዚኣ፡ ምስ ምሉእ ውኖይን ወነይን ኣሚነ እንተ ኣተግቢርናያ፡ ውጽኢቱ ኣብ ህይወተይ ክንርእዮ ከም ዘይድንጉ እየ ተማሂረ።

ብብዙሕ ሓጹራት ዝተሓጸርኩ ክንሰይ፡ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ናብ ውሻጠ ውሽጠይ ሰሊኹ ክኣቱ ኣይተጸገመን። ኣብ ገለ ክፋሉ ንድኽመታተይ ኣጕሊሑ ኣርእዩኒ። ኣብ ገለ ክፋሉ ድማ ነቲ ዘየስተውዕለሉ ዝነበርኩ ብልጫታተይ ኣጕሊሑ ብምርኣይ ከበራትዓኒ ክኢሉ እዩ። ደጊምሲ፡ ንልምድታተይ ዘኣንፍተሉን ዝመልከሉን ሓይሊ ረኺበ እየ። ደጊመ ደጋጊመ ድማ፡ “እንቋዕ እባ ቍስለይ ሓቢአ ፈውሰይ ኣይሓባእኩ!” እብል ኣለኹ።

ኣስቴር የማነ

## ኣብ ሕቑፎኣ

ሃለው ዝበለ ጸድፊ'ዩ። ጸድፊ ጥራይ ኣይኮነን፣ ሃው ዝበለ ማዕሙቕ'ዩ'ውን። ብላዕለይ ክንዲ ርሕቀት ጸሓይ ርሒቑ፡ ብፈቓቕ ቦታ ዝረኣየኒ ጩራ፡ ኣብ ማዕሙቕ ከም ዘለኹ ይነግረኒ ነይሩ። ብትሕተይ ክንዲ ዕምቈት ውቅያኖስ ዝዕምቈቱ ሸለው ዝበለ ጸድፊ ከም ዘሎ፡ እቲ ብሽታሕታሕ እግረይ ተንኩራርዩ ዝኸደ ደንጐላታት፡ ድሕሪ ነዊሕ ደቓይቕ'ዩ ናይ መዓልቦኡ ድምጺ ብምስማዕ ዝሕብረኒ። እናኻዕ እናተራብሐ፡ ብዘየዕርፍ ድግምጋም ድምጻይ ዝመልሰለይ ዝነበረ መቓልሕ፡ ንመሽጐራጕራት እቲ ሃለዋቱ ዘይተፈልጠ ቦታ በይነይ ምህላወይ ነገረኒ።

ዝረኣየና መን ናብኡ ኣብጺሑኒ ኣይፈልጥን። ጥዑይ ክሓስብ ዘይክእለሉ ኩነታት'ዩ። እንቃዓ ኣስተንፍስ፣ ልበይ መሰንገለይ ሰንጢቓ ክትወጽእ ትደሊ፣ ትንፋስ ክሓጽረኒ ይጅምር። ኣብ ከባቢ ገጻይ ገለ ዓፊኒ ብኢደይ ንምእላይ ኣእዳወይ ከንቀሳቕስ እንተ በልኩ ከመይ ገይረ፣ ገለ ከረው ኣቢሉ ጠሚሩኒ።

ከምዚ ቀድሚ ሕጂ ዘጋጠመኒ'ሞ ዝድገም ዘሎ ኲዪኑ ይስመዓኒ። መሬት እኮት ኢላትኒ ኣብ ዝነበረትሉ፡ ዝፈልጦ ምቈት ኣብ ዙርያይ ኲዪኑ ካብቲ ቀዝሒ ከገላግለኒ ይፍትን ነይሩ። እቲ ምቈት ኣለለኹዎ'ሞ፡ “መንሱራ! መንሱራ!” ጨደርኩ።

“ኣቤት! በስመኣብ በል፡” ኢዳ ኣብቲ ዝቃጸል ዝነበረ ደረተይ ምስ ኣዕረፈት እንቃዓ ኣስተንፈስኩ። ኣብዛ ሕቑፋ ጕጥ ኢለ ድቃሰይ ቀጸልኩ።

ምሉእ ተስፋይ

# ፈሪሐ

ሰኑይ 27 ሓምለ 2024

04:30 ድ.ቐ. - ኣስመራ

ጕብዝናኻ፡ መልክዕካ፡ እቲ ፍሪዝ ጸጕርኻ... እንድዒ ብሌነይ ኵሉ ነገርካ በቃ ጨው ድፍድፍ ኴንካኒ፣ እንድዒ ሎምስ ፈሪሐ'ኮ። በዚ መጺኣን ከይበልኩወን ቦግ ከየብላኒ ፈሪሐ። ንገለ ደቓይቕ ሰቕ ኢለ ክጥምተካ ምዕናደይ ኣእዳውካ ሰዲድካ ኣዒንተይ ክትከድን ተረባሪብና። ሕሉፍ ሓሊፍካ “ከምኡ ጌርኪ ኣይትጠምትኒ፣ ልበይ ተሕመኒ ኣላ፡” ክትብለኒ እንከለኻ፡ መሊሰ እፈርሕ። ክንዲ እቲ ንስኻ ከም እተፍቅረኒ ክትገልጸለይ እንከለኻ ተሃኒነ ዝሰምዓካ ዋላ ኣይግለጸልካ፡ ማዕረ ክንደይ ከም ዘፍቅረካ ክነግረካ ግን ቃላት ናበይ ከም ዝሸረቡ እንድዒ! በቃ ልኽት ልኽት እብል። ዝያዳ'ቲ ትሓስቦ እየ ዘፍቅረካ፣ ዝያዳ እቲ ትግምቶ እየ ድማ ብዛዕባኻ ዝሓስብ። ፍቕረይ ክገልጽ ዘይምኻለይ ዋላ እኳ ከም ዘየተሓሳስበካ ደጋጊምካ እንተ ነገርካኒ፡ ግን ከኣ ነዚ ተዓዚብካ ‘ኣይተፍቅረንን እያ፡’ ከይትብል እፈርሕ።





ሎሚ ሎሚ ግን ፍርሐይ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ነቲ እናሓደረ ከም ነቢት ዝጽብቕ ንመልክዕካ ሃሪፈን ዝጕዝጕዛኻ ምስ በዝሓ፡ ልበይ ክትሰቱኽ ይፍለጠኒ ኣሎ። ንመልክዕካ ርእየን ከይቀርባኻ እሞ እቲ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾነ ጠባይካ ምስ ተወሰኽን ከምዛ ሽኮር ዘጥዓምካያ ርግቢት ምልስ ምልስ ከየብዝሓ ፈሪሐ። ብኣኻ እናተኣማመንኩ፡ ልበይ ግን እንተስ ብቕንኢ እንተስ ብፍርሒ፡ ሓቕያ ወዲኣትኒ። ኣብ መገዲ ነዛ ክሽፍነካ ኣይጸልእን። ነተን ኣፈን ሃህ ኣቢለን ዝርእያኻ ኣፈን ክዲነ ከም ደማሙ ብስ እናበልኩ ከሳጕጕን እሓስብ። “ንግስት ልበይ፡ ብዘይካኺ ንዓይ ጽብቕቲ የላን። ኣይትፍርሒ፡” ዋላ ደኣ ቃላትካ እንተኾኑ፡ ንልበይ ግን ኣይትብከ እንድዩ ዘብክየኒ ዘሎ ኮይኑዋ ትልሎ። ሓቃ እያ ድምጻዊት ፌሩዝ “እንተ ትሰምዖ ጸሎተይ፡ ኵለን ክጸልኣኻ እዩ ድሌተይ፡ በይነይ ክፍቅረካ ከም ዓለመይ፡” ክትብል። ወዮ ካብ ምሒት ምፍቃር ጽልኢ ክትዘርእ ኣይጽቡቕን እዩ እምበር፡ ኣነ'ውን ናብኡ ገጹ እዩ ጸሎተይ።

ሊሄም ዘ.

“ኣብ እኩብ ዓካት ሓሰር ኣይሰኣንን'ዩ፡” በለኒ ትዕንን ኢሉ ሓድሽን ዓሚቑን ፍልሰፍና ከም ዝረኸበ።

“እወ፡ ኣብ ማእከል ቱፉሕ'ውን ሓሰኻ ይጸንሕ እዩ፡” በልኩዎ ናይ ማዘር ትሬዛ ጥቕሲ ብውሽጠይ እናዘከርኩ። “ኣሽንባይ ካብ ብዙሕ ሓደ ብልሹው ክትረክብ፡ ዝርካባ ሓንቲ ሜለኻ'ኳ ሓሳኽ ክትከውን ትኽእል'ያ።”

“ዶ?” በለኒ ርእሱ ንድሕሪት ናዕ ኣቢሉ።



“እህእ!” በልኩዎ ተበጥሪመ። ኣብ ቀደማይ እግሪ ክብጥረምን ክፈላሰፈለይን ዝደሊ'ኳ ኣይብረሃንን። እዞም ገለኦም ምስኦም ሰላም ምብሃልካ ጥራይ ከተመስግን ዝጽበዩኻ ሰባት ክጽልኡኒ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ኣገዳሲ እዩ።

“ከምዚ ካብ ብሱል ጥረ ዝብሉዎ፡ ኣብ ዘይግዜኡን ሰዓቱን ዝበሰለ እንተ ተረኺበ'ውን ክግምጠል ይከኣል'ዩ። ካብ ጥረስ ብሱል፣ ከም ግዜና፡” በልኩዎ። ተወዲኣ።


ብሌን ግርማይ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ይቕጽል

ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ናይ ጽምዲ ጸወታታት፡ ካልኣይ ሰሙኑ ቀጺሉ፤ ተጻወትቲ ኣብ ምድቦም ንካልኣይ ግዜ ግጥማት ኣካይዶም። ቀዳም ኣብ ክሉብ ቤት-ገርግሽ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሊድያ ተከአን ሰምሃር መንግስተኣብን ምስ ሳሮን ልኡልን ሮዳ እንድርያስን ገጢመን። እዚ ግጥም ካብ ሓድሕድ ዘይሰናኸፉ ተጻወትቲ ዝተራኸብሉ ኮይኑ፡ ጋንታ ሊድያን ሰምሃርን 6-ብ1/7-ብ6 ኣብ ናይ መፈላለዪ (ታይ ብሬክ) 7-ብ6 ብዝወጸ ወጽኢት ንመጋጥምተን ረቲዐን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን። ጺጋይ ተኣምራትን ናኦድ ረዘነን ምስ ኤሰሮም ኣንገሶምን ኒምሮድ እዮብን ዘካየድዎ ጸወታ ቀጺሉ ተኻዪዱ። ብዓወት ጋንታ ጺጋይን ናኦድን 7-ብ5/6-ብ2 ድማ ተዛዚሙ። መሓሪ መብራህቱን በየነ ምስየናን ምስ ኣቤል ታደሰን ህያብ ኣማኑኤልን ኣብ ዝገጠሙሉ፡ ጋንታ በየነን መሓሪን 6-ብ0/6-ብ0 ንመጋጥምቶም ሰዒሮሞም። ጳውሎስ ርእሶምን ናኦድ የሴፍን ምስ ሮቤል ሃ/ማርያምን ፊሊሞን ከርስን ኣብ ዘካየድዎ ግጥም፡ ጋንታ ሮቤልን ፊሊሞንን 6-ብ1/6-ብ0 ረቲዖም። ሞንስ ዜናን ማትያስ በረኸትን ምስ ኣሕመድ ሳልሕን ሳልማን ዓብደልዋዕስን ገጢሞም። ጋንታ ሞንስን ማትያስን 7-ብ5/3-ብ6 ተዓወታ። በረኸት መለስን የናታን የውሃንስን ምስ ሚካኤል ዳዊትን ፋኑስ ኣስፈሃን ኣብ ዝተራኸቡሉ፡ ጋንታ ሚካኤልን ፋኑስን 7-ብ5/6-ብ1 ሰዒሮም። ቀዳም፡ ኣብ ክሉብ ደንበ-ሰንበል ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ውድድር፡ ኣታኽልቲ ጉብሩን ናትናኤል ታደሰን ምስ ሳሚኤል በረኸትን ናህሮ ኣሚነኣብን ገጢሞም፡ ጋንታ ኣታኽልቲ ጉብሩን ናትናኤል ታደሰን ድማ 6-ብ0/6-ብ2 ረቲዖም። ዝሰዓበ ጸወታ ተወልደ ተኸስተን የውሃንስ ተስፋይን ምስ ኣሌክሳንደር ሓይሎምን ቶማስ ዓወትን ነበረ። ብዓወት ጋንታ ኣሌክሳንደርን ቶማስን ድማ 6-ብ1/6-ብ0 ተዛዚሙ። ሰንበት ኣብ ዝቐጸለ ውድድር፡ በየነሽ ካሕሳይን ሰደና ሚኪኤልን ምስ ሮዳ እንድርያስን ሳሮን ልኡልን ገጢመን። ጋንታ ሮዳን ሳሮንን 6-ብ0/6-ብ0 ንመጋጥምተን ረቲዐን። ብተመሳሳሊ ሰንበት ኣብ ክሉብ ደንበ ሰንበል ዝተኻየደ ጸወታ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ድያና ተወልደብርሃንን ሻሎም ኣሚንን ምስ ራሄል ሃብተን ሚላት ሃብተን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም፡ ጋንታ ዲያናን ሻሎምን 6-ብ0/6-ብ0 ንመጋጥምተን ብምስዓር ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን። ድልየት መሓሪን ናኦሚ ፍስሃየን ምስ የርዳኖስ ገ/መድህንን ሉልያ የውሃንስን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ጋንታ ናኦሚን ድሌትን ብተመሳሳሊ 6-ብ0/6-ብ0 ንመጋጥምተን ሰዒረን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን። ኣብ ዝቕጽል ቀዳመ-ሰንበት፡ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብኽልቲኡ ጾታ ክካየድ ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።



## ውድድራት ጋንታታት ገደም ኩዕሶ እግሪ



ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዝተሰርዐ ውድድር ጋንታታት ገዳይም ኩዕሶ እግሪ፡ ብቐዳም 3 ግንቦት ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቸሮ ግጥማቱ ኣሰላሲሉ። ኣቐዲመን ናብ ሜዳ ዝኣተዋ፡ ኣልታሕሪርን ኣዱሊስን እየን። ኣብ ቀዳማይ እብረ ጸወታ፡ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ተጻዋታይ ጋንታ ኣልታሕሪር ዳንኤል ዘርኣም፡ ሽቶ ኣመዝጊቡ። ኣብ መበል 23 ደቒቕ እውን ኣልታሕሪር፡ ብመገዲ ሓድሽ ተወልደ ሽቶ ደጊመት። ኣልታሕሪር መጥቃዕታ ብምሕያል፡ ኣብ መበል 33 ደቒቕ፡ ብመንገዲ ሃይለሚካኤል ተስፋዝጊ ሳልሰይቲ ሽቶ ኣመዝጊባ። ንዕረፍቲ ድማ ብመራሕነት ኣልታሕሪር 3-ብ0 ወጺኦ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣብ መበል 67 ደቒቕ እውን ዳንኤል ዘርኣም ንዕኡ ካልኣይቲ ንጋንትኡ ድማ ራብዓይቲ ሽቶ ብምምዝጋቡ፡ ኣልታሕሪር ብገፊሕ 4-ብ0 ተዓዊታ። ዳንኤል ዘርኣም ካብ ኣልታሕሪር ድማ ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተረቚሑ። ሰዒበን ናብ ሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት ቺፖሊንን ኤልፓን እየን። ጸወታ 10 ደቒቕ ምስ ተጻወተ፡ ተጻዋታይ ጋንታ ቺፖሊኒ ኢሰያስ ቢተው ሽቶ ኣመዝጊቡ። ጸወታ ብመራሕነት ቺፖሊኒ 1-ብ0 ኣብ ዝቕጽለሉ ዝነበረ ግና ከቢድ ዝናብ ብምዝናቡ ኣብ መበል 20 ደቒቕ ጸወታ ከም እተገደደ ኮሚቴ ጉዳይም ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ይቕጽል

### ደንደን መሪሕነት ተረኪባ፤ ሮሚል ዓብዱ ብብዝሒ ሽቶታት ይመርሕ

ብሰሉስ ኣብ ካምፖ ቺቸሮ ዝቐጸለ ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ኣርባዕተ ጸወታታት 21 ሽቶታት ዝተመዝገቡሉ እዩ ነይሩ። ፈለማ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ. ኣትሒዞን ጸወታአን ዘካየዳ ክልተ ዓበይቲ ክለባት ዞባ ማእከል ኣስመራ በራን ኣልታሕሪርን እየን።

ኣስመራ በራ ዋላ እኳ ንውድድር ብዞጥቢ መራሒ እንተኣተወት፡ ውሕሰት ዝኾና ዓወት ግን ክትወስኽ ነይሩዋ። ኣልታሕሪር እውን ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪባ ኣብ ሻድሻይ ደረጃ ስለ እትርከብ ዓወት የገድሳ እዩ ነይሩ። ጸወታ ድሕሪ ምፍላሙ፡ ቀዲማ ዝሰለጣ ኣስመራ በራ፡ ብመገዲ መርሃዊ ጺድቕ ኣብ 36 ደቒቕ ሽቶ ረኺባ ናብ ዕረፍቲ 1-ብ0 መራሒ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ መስመር መጥቃዕታ ኣደልዲላ ካብ ድሕሪት ኩዕሶ ሃጺጸ ትልእኽ ዝነበረት ኣልታሕሪር፡ ኣብ 56 ደቒቕ ትንፋስ ዝሃበትላ ሽቶ ካብ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ረኺባ። ንጸወታ ኸኣ ናብ ረብሓኣ ብምልዋጥ ድማ ብተደጋጋሚ ናብ መስመር ልዳት ኣስመራ በራ ተጸጊዓ፤ ግዜ ብምእካሉ ግና ጸወታ ብናይ ሓባር ዓወት1-ብ1 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ካብ ኣልታሕሪር ተሰይሙ።

ዝሰዓበ ጸወታ፡ እታ ብሓፈሻ ጸወታ ድሒራ ኣርባዕተ ነጥቢ ዝኣከበት ዓንሰባ፡ ነታ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ዓወት ዝተሓረማ ኣፍዓበት ኣብ ሚድኣ ዓደመታ። ኣፍዓበት፡ ነታ ሓሓሊፋ ድኽመት ተርእዮ ዝነበረት ዝነበረት ዓንሰባ፡ ኣብ 13 ደቒቕ ብመገዲ ኣቤል ብርሃ ሽቶ ኣመዝገበትላ። ኣብ ካልኣይ ግን ጸወታ ብዓብላልነት ዓንሰባ ቀጺሉ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ሓሊቓ ጋንታ ዓንሰባ ፍትሒ ሓሰባ ኣብ 72 ደቒቕ ማዕረ ትጉብር ሽቶ ኣመዝገበ፡ ጸወታ ድማ ብማዕረ ወጽኢት ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ሓላዊ ልዳት ኣፍዓበት ሓምድ መሓመድ ዓሊ ተሰይሙ።

ሰዓት ክልተ ግጥም ደንደንን ደቡብን እዩ ቀጺሉ። እዚ ጸወታ ብወገን ደቡብ ልኡም ምንቅስቓስ ዝተራእየሉ'ዩ ነይሩ። ንቐወምቲ ተሰለፍታ ኣብ መንበር ተቐሚጦቲ ኮፍ ዘበለት ደንደን፡ ምሉእ ብምሉእ ንጸወታ ዓብሊላ፡ ብብዝሒ ሽቶታት ኣመዝጊባትሉ። ደንደን ካብ ድሕሪት ትልእኽን ዝነበረት ኩዓሶ፡ ብኣከፋፈልትን ናይ ክንፊ ኣጥቃዕትን እናተኸሸና ኣብ መዓልቦኣን ክበጽሓ ክኢለን እየን። ከም ወጽኢቱ ድማ ሮሚል ዓብዱ ሓሙሽተ (ሱፐር ሱፐር ሃትሪክ)፡ ቢንያም ግርማይ ሰለስተ (ሱፐር ሃትሪክ)፡ ጀማል ዓብዱሰላም ሻም ተወልደን ቢንያምን መንግስትኣብን ከኣ ሓሓንቲ ብዘቑጸሩወን ሽቶታት ተሓጊዛ ኣብ ልዕሊ ደቡብ 11-ብ0 ተዓዊታ። ደንደን ብጹብለልታ ሽቶ ብምኽሳባ ናይ ቀዳማይ ደረጃኣ ኣውሒሳ ኣላ። ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ንብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ ዝመርሖ ዘሎ ሮሚል ዓብዱ ተረቚሑ።

ኣብ መወዳእታ እተሰርዐ ግጥም፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ክሉብ ጋሽ ባርካ ዘካየድኦ እዩ። ጋሽ ባርካ ሓሓሊፉ መልሰ መጥቃዕቲ እኳ ተርእዮ እንተነበረት፡ ተመክሮ ቀይሕ ባሕሪ ግን ሽቶ ካብ ምምዝጋብ ኣይተገትኣትን። ኣብ ቀድሞሚን ድሕሪን ዕረፍቲ ብመገዲ ኣቤል ወልደእየሱስ ሰለስተ፡ ናህም ፍጹም ክልተ፡ ካብ መድሃኔ ረዳእ ከኣ ሓንቲ ሽቶ ብምምዝጋብ ብድምር ወጽኢት 6-ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ ኣቤል ወልደእየሱስ ተሰይሙ።



## ኣል ሂላል፡ ንፈርናንደዝ ክትዕድሞ ትጽውዖን



ንፖርቱጋላዊ ማእከላይ ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ብሩኖ ፈርናንደዝ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል ሂላል ክትዕድሞ መደብ ከምዘለዋ ተሓቢሩ።

ኣብ ሰሌዳ ፕሪመርሊግ ኣብ መበል 15 ተርታ ተሰሪዓ ትልኽ ንእትብል ዘላ ዩናይትድ ትንፋሳ ምዃኑ ዝፍለጥ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ ዓይኒ'ታ ብሉጻት ተጻወትቲ ንምምንጣል ዘይተናሕሰ ኣልሂላል ኣትዩ ከምዘሎ እዩ ዝገለጸ።

እዚ ወዲ 30 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ካብ ዝተሳተፈለን ጸወታታት፡ 19 ሽቶታት ከመዝገበ ከሎ፡ 18 ንሽቶ ዝኾና ኩዓሶ ከኣ ከሺኑ። ብዘለዎ ብቕዓቱ ኣብ ዓይኒ ብዙሓት ክለባት ክኣቱ ግዜ ዘይወሰደ ፈርናንደዝ ርያል ማድሪድ እውን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ብ90 ሚልዮን ፓውንድ ናብ መሳርዓ ክትጽምብሮ ከምዝፈተነት ይፍለጥ።

እንተኾነ ዩናይትድ ንኽትሰዶ ባህጊ ከምዘይብላ እዩ ዝሕበር። ብዓቢኡ ድማ ኣሰልጣኒ ኣሞሪም ከም ቀንዲ ህይወት ናይታ ክሉብ እዩ ዝርእዮ።


በዚ ምኽንያት ድማ ዩናይትድ ክትሸጦ ዘሎ ተኽእሎ ውሑድ እዩ።

ኣሞሪም እውን ነዚ ኣመልኪቱ “ፈርናንደዝ ናብ ዝኾነ ኣይክንበልን'ዩ” ኢሉ ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣበርዒና



ኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር ሩስያ፡ ንከተማ ሞስኮ ዒላማ ንዝገበራ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ንኻልኣይ ተኸታታሊ መዓልቲ ወቒዖም ከም ዘበርዓኦወን ተሓቢሩ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶብያኒን ትማሊ ሰሉስ እተን ብዘተፈላለየ ኣንፈት ዝመጻ ብውሑዱ 19 ዝኾና ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ናብ ሞስኮ ኣብ ዝቐርባሉ ዝነበራ እዋን ከም ዝተሃርማ ገሊጹ።

እዚ ፈተነታት መጥቃዕቲ ሩስያ ኣብ ሞስኮ መራሕቲ ሃገራት ዝሳተፍዎ ዓቢ ወተሃደራዊ ምርኢት ከተኣንግድ ኣብ እትዳለወሉ ዘላ እዋን እዩ ንኻልኣይ መዓልቱ ተኻይዱ።

እቲ ከንቲባ ድሕሪቲ ዝሓለፈ ሰሉይ ዝተፈተነ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቴሌግራም ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ በቲ ዝተፈተነ መጥቃዕቲ ኣብ ሰብ ይኹን ንብረት ዝበጽሐ ጉድኣት ከም ዘየለ ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ሞስኮ - ዶሞዴዶቮ ንሓጺር እዋን ክዕጾ ምኽንያት ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ሩስያ ዝኸሪ ምዝካር ናይ'ቲ "ዓቢ ሓርበኛዊ ኩናት" ኢላ እትጽውዖ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ዝመጽእ 9 ግንቦት ንምኽባር እተካይዶ ዘላ ምድላዋት ንምዝራግ ዝዓለመ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ኑቲ ካብ 8 ግንቦት ዝጅምር ዝኸሪ ንምጽንባል፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ን72 ሰዓታት ዝጸንሕ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስጉምቲ ክወሰድ ጸዊዒት ምቕራቡ ዝዘከር እዩ።

እንተኾነ፡ ዩክሬን ኣብ ክንድኡ ን30 መዓልታት ዝጸንሕ ምቁራጽ ተጻብኦ ክግበር ከም ዝጠለበት ይፍለጥ።

ብተመሳሳሊ፡ 17 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ዞባ ብራያንስክ፡ ካልኦት ሓሙሽተ ድማ ኣብ ከባቢታት ዞባ ካሉጋን - ሩስያ ብኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር ሩስያ ተወቒዐን ከም ዝወደቓ፡ ሰበስልጣን ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

## ወጥሪ ህንዲን ፓኪስታንን ይብእስ



ፓኪስታን፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ንኻልኣይ ግዜኣ ፈተነ ሚሳይል ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ህንዲ ድሕሪ'ቲ ኣብ'ቲ ንሳ እተመሓድሮ ዞባ ካሽሚር ዝተፈጸመ ቀታሊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሓያሎ ግዝኣታት ወተሃደራዊ ልምምድ ክካየድ ትእዛዝ ብምሕላፉ፡ እተን ጎረባብቲ ሃገራት ናብ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ረጽሚ ከይኣትዋ ተሰግኡ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ምትፍናን፡ ፓኪስታን ንእተካይዶ ዘላ ቁጠባዊ ጸገማታት ንድሕሪት ክመልሶ ከም ዝኽእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ዞባ ካሽሚር ናይ ህንዲ፡ ብ22 ሚያዝያ ብዕጡቓት ብዝተፈጸመ፡ ንበጻሕቲ ዒላማ ዝገበረ፡ መጥቃዕቲ 26 ሰባት ካብ ዝቐተሉ ንደሓር፡ ዝምድና እተን ኑክልሳዊ ኣጽዋር ዘውንና ጎረባብቲ ሃገራት እናሻሓከረ ይመጽእ ከም ዘሎ'ዩም ተዓዘብቲ ዘረድኡ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ህንዲ ኣብ ውሽጢ ኣስታት 20 ዓመታት ካብ ዝተፈጸሙ ተመሳሳሊቲ መጥቃዕቲታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

እተን ሃገራት፡ መሬታዊ ዶብተን ዓጽየን፡ ንግዲ ደው ኣቢለን፡ ንክሊ ኣየራተን ድማ ዕጺወን ገይረንኦ ኣለዋ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ካሽሚር ሓሓሊፉ ዝርአ ምልውዋጥ ናይ ተኹሲ ገና ይቕጽል ከም ዘሎ ይግለጽ።

## ሃገራት ምብራቕ ኤስያ፡ ሓደጋታት ንምክልኻል ስምምዕ ከቲመን




ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ካልኦት 10 ኣባላት ማሕበር ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያን (ሃገራት ኣስያን)፡ ብተኣባዕቲ ሕማማትን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ንዘፍጥር ቅልውላዋት ህጹጽ ግብረ መልሲ ንምሃብ ዝዓለመ ሓድሽ ናይ ልቓሕ ደገፍ ብምጅማር፡ ዞባዊ ፋይናንሳዊ ድሕነተን ንምሕያል ከም እተሰማምዓ ተሓቢሩ።

ሚኒስተራት ፋይናንስ ናይ'ቲ "ኣስያን ፕላስ ስሪ" ዝተባህለ ጉጅለ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሚላኖ - ኢጣልያ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ኑቲ ናይ ልቓሕ ስምምዕ ኣብ ትሕቲ'ቲ ብ "ሺያንግ መይ" ዝፍለጥ - እተን ሃገራት ንሓድሕደን ብጠቐላላ ንግዳዊ ልውውጥ ከካይዳ ዘፍቅድ ተበግሶ እዩ ተበጺሑ።

ድሕሪ እቲ ኣብ 1997-98 ዘጋጠመ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ኤስያ ዝተመስረተ ተበግሶ ሺያንግ መይ፡ ኣባል ሃገራት ማስመራት ምልውዋጥ ባጤራ ክጥቀማ ብምፍቃድ፡ ዞባዊ ፋይናንሳዊ ምርግጋእ ንምፍጣር ዝተዓለመ እዩ።

እዚ ሓድሽ ህጹጽ ፋይናንስያዊ ደገፍ ንምሃብ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ድማ፡ ኣባል ሃገራት ብሰንኪ ሓደጋታት ንዝፍጠር ፋይናንስያዊ ቅልውላዋት ብዘይ ቅድመ ኩነት ቅልጡፍ ምላሽ ክህባ ከኽእለን እዩ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ዘውጽኦ ሓበራዊ መግለጺ፡ 'እዚ ሓድሽ ስምምዕ፡ ዞባዊ ጸገማት ከም ዘዐቢ ንኣምን" ኢሉ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ሺያንግ መይ 240 ቢልዮን ዶላር ዕቑር ሸርፊ ወጻኢ ዘውንን ኮይኑ፡ ጃፓንን ቻይናን ነፍሲ ወከፈን 76.8 ቢልዮን ዶላር፡ ደቡብ ኮርያ 38.4 ቢልዮን ዶላር፡ ዝተረፉ ኣባል ሃገራት ኣስያን ድማ ብድምር 48 ቢልዮን ዶላር ኣበርኪተን ኣለዋ።

## "ኮንጎን ሩዋንዳን፡ እማመ ሰላም ኣቕሪበን" ተባሂሉ

ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ሩዋንዳ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኮንጎ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ንኸብቅዕን ብቢልዮናት ዝቝጸር ወፍሪ ምዕራባውያን ንምርካብን ዝካየድ ዘሎ ማሰርሒ ሰላም፡ ክልቲአን ሃገራት እማመ ሰላም ከም ዘቕረባ፡ ላዕለዋይ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ ዝሓለፈ ሰሉይ ገሊጹ።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዋሽንግቶን ምስ ሓላፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ኑቲ እማመ ክሳብ 2 ግንቦት ከቕርባ ተሰማሚዐም ምንባሮም ይሕበር።

ይኹን'ምበር፡ ብወገን ኮንጎ ይኹን ሩዋንዳ ብዛዕባ'ቲ ቀረባ ዝተባህለ እማመ ሰላም ኣመልኪተን ዝሃብኦ ወግዓዊ መግለጺ የለን።

ላዕለዋይ ኣማኻሪ ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝኾነ ማሳድ ቡሉስ፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰሉይ ብሚዲያ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣቢሉ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኑቲ "ኣገዳሲ ስጉምቲ ናብ ሰላም" ክብል ዝገለጾ እማመ፡ ካብ ክልቲአን ጎረባብቲ ከም ዝተቐበሎ ኣብሪሁ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ መፋርቕ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ግንቦት፡ ማርኮ ሩብዮ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሩዋንዳን ኮንጎን ኣብ ዋሽንግቶን ዳግማይ ክራኸብ ምኻኑ፡ እዚ ድማ ናይ መወዳእታ እማመ ስምምዕ ሰላም ንምንዳፍ ዝዓለመ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ።

እቲ ስምምዕ ቅድሚ ምፍራሙ ግና፡ ሩዋንዳን ኮንጎን ምስ ኣመሪካ ክልተኣዊ ቁጠባዊ ስምምዓት ክኽተማ ኣለወን።

እዚ ድማ፡ ኩባንያታት ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ኣብ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝካየድ ዕደና ርእሰ ማለን ከውፍራ፡ ኣብ ፕሮጀክትታት ትሕተ ቅርጺ ኮንጎ ድማ ብቢልዮናት ዝቝጸር ወፍሪ ክገብራ ከም ዘለወን እቲ ኣማኻሪ ገሊጹ።

ሰለስቲኡ ስምምዓት፡ ኣብ ውሽጢ ኣስታት ክልተ ኣዋርሕን ኣብ ተመሳሳሊ መዓልትን ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ዝሳተፎ ስነ ስርዓት ክኽተም ከም ዝኽእል'ውን እቲ ኣማኻሪ ወሲኹ ሓቢሩ።




## እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሓማስ ተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ክጽዕጽዕ ምኺኑ ሓቢራ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲ ክጽዕጽዕ ምኻኑ ሓቢሩ።

ናታንያሁ ኣብ ዝዘርገሖ ብቪድዮ ዝተሰነየ መልእኽቱ፡ እቲ ስርሒት፡ ዝያዳ ጸዕቕን ኣብ ቓዛ ዝርከቡ ፍልስጤማውያን ድማ ንድሕነቶም ሰጊኦም ናብ ካልእ ቦታ ክግዓዙ ዘገድድን ከም ዝኸውን ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሓይልታት እስራኤል ቅድሚ ሕጂ ዝተኾተልዎ ወተሃደራዊ ሜላታት ክኽተሉ ከም ዘይኮኑ ኣብሪሁ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝ. ዝሓለፈ ካቢነ ጸጥታ ሃገሩ፡ ኑቲ 'ምቁጽጻር ወሽመጥ ቓዛን ሰብኣዊ ረድኤትን' ዝብል ውጥናት ብወግዒ ድሕሪ ምጽዳቑ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዝገብሮ ዑደት ቅድሚ ምዝዛሙ፡ እቲ ስርሒት ከም ዘይጅምር ሓደ ብዓል ስልጣን ምክልኻል እስራኤል ገሊጹ።

እቲ ሓድሽ ውጥን ቀስ ብቐስ ዝካየድን ኣዋርሕ ዝወስድን ኮይኑ፡ ሓይልታት እስራኤል ንኹሉ ከባቢታት ወሽመጥ ቓዛ ሓደ ብሓደ ክበጽሕዎ ምኻኖም፡ 'ካን' ዝተባህለ ትካል ህዝባዊ ርክብ እስራኤል ብዛዕባ'ቲ ውጥን ዝርዝር ኣፍልጦ ዘለዎም ሰበስልጣን እስራኤል ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ወተሃደራት እስራኤል ድሮ ንኣስታት ሓደ ሰሶ ወሽመጥ ቓዛ ተቈጻጺሮምን ኣማኢት ኣሽሓት ህዝቢ ኣመዛቢሎምን እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ሓድሽ ውጥን ግና ካብ'ዚ ንላዕሊ ዝኸይድ ምኻኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

በቲ ሓድሽ ዝጸደቐ ውጥን መጥቃዕቲ መሰረት፡ እስራኤል ንመላእ መሬት ቓዛ ክትሕዝ፡ ሲቪላዊ ህዝቢ ፍልስጤም ድማ ናብ ደቡባዊ ክፋል ክግዕዝን ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብ ኢድ ሓማስ ከይወድቕ ስጉምቲታት ክወስድን ምኻኑ ተሓቢሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ በራኺ | 07/05/25 | ከባቢ ፊያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services